# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ 15 መስከረም 2013 ዓ/ም ሕታም 639 ብነፃ ዝዕደል




ዋና ዳይሬክተር በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ ወ/ሮ ኣሰፉ ሊላይ

## ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተኣከበ ግብሪ ወሰኽ ኣርእዩ

ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝተኣከበ እቶት ግብሪ ምስ ሕሉፍ ተመሳሳሊ ርብዒ ዓመት እንትነፃፀር ብ12 ምኢታዊ ዕብየት ከም ዘርኣየ በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ሎሚ ዓመት ካብ ዝተትሓዘ ትልሚ 6 ነጥቢ 7 ቢልዮን ብር፣ ክሳብ ሕዚ ልዕሊ 5 ነጥቢ 5 ቢልዮን ብር ዝተኣከበ እንትኸውን፣ ካብ ሕሉፍ ዓመት ብ12 ምኢታዊ ዕብየት ከም ዘለዎ ዋና ዳይሬክተር በዓል መዚ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ ወ/ሮ ኣሰፉ ሊላይ ገሊፀን፡፡

በዓል መዚ ልምዓት እቶት ሽሕ እኳ ዝሰፍሐ ትልሚ ሒዙ እንተተልዓለ፣ ነቶም ዝነበሩ ግዳማውን ውሽጣውን ተፃብኦታት ተፃዊሩ፣ ሃፍተ ገነት ማእኸል ዝገበረ ኣተኣኻኽባ ግብሪ ብምስዓብ፣ ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ከምዘመዝገበ ወ/ሮ ኣሰፉ ተዛሪበን፡፡

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



## ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ካብ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ይሰርሕ ኣሎ

ብተስፋልደት ገ/ማርያም

ቢሮ ሓላዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ዛንዜራ ናብ ሕብረተሰብ ብምዝርጋሕ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ይስራሕ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ኪኢላ ምክልኻል ሕማማት ኣይተ ጎይቶም መሓሪ ከም ዝበልዎ፣ 75 ሚኢታዊ መሬት ትግራይ ንሕማም ዓሶ ዝተቓለዐ ስለዝኾነ መንግስቲ ነቲ ሕማም ንምክልኻል ኣብ 66 ወረዳታት ዛንዜራ ብምዕዳል ልዕሊ 90 ሚኢታዊ ኣብ ዓሳው ከባቢ ዝነብር ሕብረተሰብ ተጠቃሚ ከምዝገበረ ኣይተ ጎይተኦም ሓቢሮም፡፡

ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣብ ዓሳው ከባቢ ዝነብር ሕብረተሰብ ካብ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ን150 ሽሕ ኣባይቲ ነፀጋ፣ 42 ሽሕ ኪሎ ግራም ኬሚካል ኣብ 8 ወረዳታት ትግራይ ድማ ከባቢ 460 ሽሕ ህዝቢ ካብቲ ሕማም ንምክልኻል ይስራሕ ከምዘሎ ኣይተ ጎይተኦም ወሲኾም ገሊፆም፡፡

ናብ ገፅ 4 ይዘውር



ተተካኢ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንትን ሰደድን ክላስተር ኣክሱም ኣይተ ፍቅረኣለም ብርሃን

## ኣብ ክላስተር ኣክሱም ልዕሊ 22 ቢልዮን ብር ዘመዝገቡ ሰብ ሃፍቲ ናብ ስራሕ ተሰጋጊሮም፡፡

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ኣብ ክላስተር ኣክሱም ክሳብ ነሓሰ 2012 ዓ/ም ልዕሊ 22 ቢልዮን ብር ሃፍቲ ዘመ ዝገቡ ሰብ ሃፍቲ ምንቅስቓስ ይገብሩ ምህላዎም ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንትን ሰደድን ክላስተር ኣክሱም ኣፍሊጡ፡፡

ናብ ገፅ 4 ይዘውር

## ኣወዳድባ ልምዓት ጉጅለ ኣብ መፍረያይነት ሕርሻ ዝዓዘዘ ግደ ተፃዊቱ

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ፣ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም መፍረያይነት ዝሕግዙ እታዎታት ኣብ ምጥላብ ኣወ ዳድባ ጉጅለ ልምዓት ዝላዓል ግደ ከም ዘለዎ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ሕርሻን ልምዓት ገጠርን እታ ወረዳ ኣፍሊጡ፡፡

ብፍላይ ለም ዘበን ብደረጃ ሃገር ዘጋጠመ ፖለቲካዊ ቅልውላው ስዒቡ፣ ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣሃዳዊ ጉጅለ እቲ ዓንዲ ልምዓት እዛ ሃገር ዝኾነ መፍረያይነት ሕርሻን ስራሕቲ ልምዓት ገጠርን ዘንጊዑ፣ ብዘይ ናይ ህዝቢ ድምፂ ኣብ ስልጣን ንምፅናሕ ኣብ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ሽርሒ ተፀሚዱ ሓግዩ ኣሎ፡፡

ትግራይ እቲ ፅሩይ ልምዓታውን ዲሞክራስያውን ፖሊስን እስትራተጅን ካብ ምትግባርን ልምዓታ ካብ ምስላጥን ከይተኣጓጎለት መፍረያይነት ሕርሻ ንምዕባይ ትኹረት ሂባ ትሰርሕ ምህላዋ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣረዲኡ፡፡

ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ባዓል ሞያ ልምዓት ዘራእቲ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ኣይተ ሃይለሚካኤል ዳኘው፣ ኣብ ስራሕቲ ዘራእቲ እታ ወረዳ ሓረስቶት ካብ መጀመርያ፣ ሰልጢኖም ብሉፅ ስራሕቲ እናተሰርሐ ከም ዝመፅኣን ግራት ሓረስታይ ቀዳማይ፣ ካልኣይ፣ ሳልሳይን ራብዓይን ብግቡእ ተሓሪሱ፣ ልዕሊ 9 ሽሕ ሄክታር ምዃኑ ኣረዲኦም፡፡

ብተወሳኺ ብሙሉእ ፓኬጅ ክስራሕ ዝተትሓዘ 1043 ሄክታር፣ ብመስመር ዝተሓረሰ ድማ 325 ሄክታር ኮይኑ ብሰሪ ሕማም ኮረና ክንድቲ ዝድለ ከምዘይተኸደሉ ገለፁ እሞ ሙሩፅ ዘርኢ ዝምልከት ካብ መኽዘንን ካብ ገባር ናብ ገባርን 4312 ኩንታል ተኸፋፊሉ ኣብ ረብሓ ምውዓሉ ኣረዲኦም፡፡

ኣብቲ ወረዳ ዝርከቡ 168 ልምዓት ጉጅለን ኣብ 1179 ኔትወርክታትን ሰብ ስራሕ ድኹዒ፣ ባህላዊ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር


ዝኸበርኩም ተገልገልትና

እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል

ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።

Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/

Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau

Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB


2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኸ ዓወት !

... ካብ ገፅ 14 ዝዞረ

ደጉዕ ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ከቢድ ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 29/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይ ኾይኑ ግና መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ**
**ሰ/ምዕራብ ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ ም/ፀለምቲ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሙላቴ ሓጎስ ኣለሙ ኣ/ሻ ወ/ፀ/ጣ/ዓመረ ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ከ/ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 29/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግና መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕራብ ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ**
**ሰ/ምዕራብ ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ ሽረ-እ/ስላሴ፣ ተኸሰስቲ 1. ኣይተ ተክለ ባራኺ ገ/ሂወት ኣድራሻ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ጣ/ሕብረት ቁ/እ/ማርያም ፣ 2.ኣይተ መረሳ ሰለሙን ገ/መድህን ኣድራሻ ወረዳ ላዕላይ ኣድያቦ ጣ/፬/እንቦራ ቀ/ዓ/ወይና ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕ ዓ/ሕጊ ሽረ - እ/ስላሴ

ተኸሰስቲ 1. ኣይተ ናሆም ዘወሊንጉስ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 2.ኣይተ ዮሃንስ በየነ ተኽለ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 3.ኣይተ ኣስበሮም መኮነን ለማርያም ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 4.ኣይተ ዮወሃንስ ወልዳይ ዓንደይ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 5.ኣይተ ሞጎስ ሃይለ ኣብራሃ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 6.ኣይተ ሄኖክ ኤፍሬም ግርማይ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 7.ኣይተ ዮውሃንስ መኮነን እንባየ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 8.ኣይተ ክብሮም መሓሪ ኪዳነ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ፣ 9.ኣይተ ፊልሞን ዘማርያም የማነ ኣድ ሕፃፅምዕቀቢ ጣብያ ስደተኛታት ቁሸት ዞን-D ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ እምባጓሮ ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 25/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ቀሪብኩም ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1ይ.ኣይተ ኀይትኦም ኣዲሳለም ሰሎምን ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ውህ ደት ቁሸት ዓዲ-ኳራት ፣ 2ይ. ኣይተ ገብረ ሓደሽ ተካ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ውህደት ቁሸት ዓዲ-ኳራት ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ክርክር ተኸሰስቲ ኣብ ኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ነዚ ምልክታ እዚ ሪኢኹም ንዕለት 03/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣብርሃለይ ኣስመላሽ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ማይ ኣንበሳ ቁሸት ማይ ዓይኒ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ እምነት ምጉዳል ክርክር ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ስለ ዝተሰኣንኩም ነዚ ምልክታ እዚ ሪኢኹም ንዕለት 03/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራ እዩ ዝውሰን ምዃኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ከሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ዓንደይ ወለኣ ብዝጊ ገ/ቻኣል ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ዓዲ ኣባጊዕ ቁሸት ሰፈሮ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክርክር ተኸሳሲ ብትእዛዝ መሰረት ስለ ዘይቀረብኩም ንዕለት 03/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዓዲ ዳዕሮ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኣብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ኣይተ መብራህቶም ደስታ ገ/ስላሴ ዝተበሃሉ ብቑ/ቲን 0040157256ብዘርፍ ንግዲ ኮንስትራክሽን ዝፍለጡ ኸፋሊ ግብሪ ዝጠቀምሉ ዝነበሩ ካብ 00001 ክሳብ 00150 ፓድ ቅብሊት ካብ 00051 ክሳብ 00100ፓድ ወፃኢ ጠፊኡኒ እሎም ብዕለት 14/12/12 ዓ/ም ብዝሓተቱና መሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ዝተጀመረ -ዘይተጀመረ... ፓድ ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ወይ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ሓበሬታ ንክህብ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት**
**ከተማ ሽረ እንዳስላሴ**

ኣይተ ገ/ሂወት ለገሰ ሃይለ ዝተብሃሉ ኣድራሻ እ/ጉና ቀበሌ 02 ነባሪ ዝኾኑ TIN NO 0017010920 ዓይነት ፍቃድ መዘዋወሪ ወርቂ ብሹሞም ዝፍለጥ :-

1.ናይ ኣታዊ ደረሰኝ ካብ ደ/ቁ 00001 – 00100 በዝሒ 02 ፓድ ፣ 2.ናይ ወፃኢ ደረሰኝ ካብ ደ/ቁ 00001 – 00100 በዝሒ 02 ፓድ ብድምሩ 04 ፓድ ከምዝ ጠፍኦም ስለ ዝሓተቱና እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ 1.ናይ ኣታዊ ደረሰኝ 2.ናይ ወፃኢ ደረሰኝ ቁፅሩ ዝተጠቐሰ / ኣርባዕተ ፓድ / ዝሓዘ ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲታት ናብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምም/ር ፋይናንስን ከተማ እንዳባጉና ወይ ድማ ናብ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ እንዳባጉና ሓበሬታ ንክትህቡ ንሕብር።

**ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምም/ር ፋይናንስን**
**ከተማ እንዳባጉና**

## ዞባ ምዕራብ

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣብራሃም ገ/ፃዲቅ ኣድራሻ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 04 ቀጠና 03 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ቀሪብኩም ጉዳይኹም ንኽትከታሉ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሰለሙን ኣርኣያ ገ/ኣነንያ ኣድራሻ ወረዳ ሰቲት ሑመራ ቀበሌ 03 ቀጠና 02 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኹም ስለ ዘይቀረብኹም ዘትሐዝክምዎ ውሕስና ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ከምዝኸውን ኣታዊ ዘይኾነሉ ምኽንያት እንተሃልዩ ንዕለት 11/02/2013 ዓ.ም ሰዓት 3፡00 ንክተረድኡ ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣታክልቲ ጉዕሽ ተስፋይ ኣድራሻ ወረዳ መደባይ ዛና ጣብያ ዓዲገይሺ ቀጠና ማይሰገላ ብዝተኸሰስኩምሉ ክትራን ገበን መሰረት ተኸሳሲ ንዝቐረበልኩም ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 22/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪብኩም ጉዳይኹም ንኽትከታሉ እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወ/ሰ/ሑመራ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ሰቲት ሑመራ**
**ቤት ፍርዲ**

ብኸሳሲ ወ/ፀገዴ ዓ/ሕጊ፣ ብተኸሰስቲ 1ይ ኣይተ ኣታለለ መብራህቱ ሽኮል ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዳራ ቁሸት ደቂ ኣባ ፣ 2ይ ኣይተ ጋሻው ዘውዱ ጌታሁን ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዳራ ቁሸት ደቂ ኣባ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ምዝራፍ ገበን ክሲ መሰረት ፖሊስ ተኸሰስቲ ኣብ ኣድራሽኦም ከምዘየለው መረዳእታ ስለ ዘቕረቡ ዝቐረበልኩም 2ይ ክሲ ገበን ተኸሰስቲ ብዘየለኹምሉ ክርአ ዝኽእል ስለ ዝኾነ ተኸሰስቲ ኣብ ቀፃሊ ቆፀሮ ዕለት 09/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ከምዝውሰን ወ/ፀ/ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ፀገዴ**

ኸሳሲ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1ይ ኣይተ ጌታቸው ኣለባቸው መኮነን ኣ/ሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ዳንሽ ቐጠና 03 ፣ 2ይ ኣይተ ጉሽ ዘነበ ደሴ ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ ሐድነት ቐጠና 03 ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ብዘይሕጋዊ ናይ ሰባት ዝውውር ገበን ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ንዕለት 26/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ ቀሪብኹም ንክትከራኸሩ እንተዘይቀሪብኩም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ዝተኣዘዘ ምዃኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ዞባ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት**
**ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዳንሻ**

ከሳሲ ወ/ወ/ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ተስፋይ ኣገር ለማ ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ከቢድ ስርቂ መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 10ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ወ/ወ/ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ወልቃይት**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ**

ከሳሲ ወ/ወ/ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መልኬ ደሞዝኣዘናው ብዝተኸሰስኩምሉ ተደራረብቲ ገበናት ኣገዲድካ ምድፋር ፣ ምጥላፍ ፣ ክትራን ፣ ኣመንዝራ መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 05 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ወ/ወ/ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ወልቃይት**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ**

ከሳሲ ወ/ወ/ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጎሹ የኋላ በሪሁን ብዝተኸሰስኩምሉ ገበን ክትራን መሰረት ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 11ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ወ/ወ/ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ወልቃይት**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ**

ከሳሲ - ወ/ወልቃይት ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ይልማ ሃ/መስቀል ሃ/ስላሴ ኣ/ሻ ወ/ወልቃይት ጣብያ ዓ/ፍልሖ ቁሸት ዓ/ክንፈወርቅ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን መሰረት ተኸ ሳሲ ኣብ ቀፃሊ ቆፀሮ ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ንኽረአ ቅድሚ ምውሳኑ ንዕለት 20/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ጉዳይኩም ቀሪብኩም ንኽትከታተሉ እንተዘ ይቀሪብኹም ግን ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ክብል ወ/ወልቃይት ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ወልቃይት**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲ ረመፅ**

ብኸሳሲ ወ/ፀገዴ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ካሳ ኣምባሁን ኣስማማው ኣድራሻ ወረዳ ፀገዴ ጣብያ እንጣ ቢላ ቁሸት ዲማ ብዘሎ ናይ ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሳሲ ዝተኸሰስኩምሉ ገበን ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ክውሰን ዝኽእል ስለ ዝኾነ ኣብ ቆፀሮ ዕለት 20/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይኾይኑ እቲ ጉዳይ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ከምዝውሰን ወረዳ ፀገዴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ**
**ወረዳ ፀገዴ**

**2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኸ ዓወት !**



# ርእሰ ዓንቀፅ

## ትግራይ መሪፃ፣ ትግራይ ተዓዊታ!

ሳላ ፅንዓትን ስሙር ፖለቲካ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ሓዱሽ ምዕራፍ ታሪኽ ተሰሪሑ። ዝበልናኩም ግበሩ ምእዙዛት ባርነት ተቐበሉ። ንሕና መራሕትኹም ንመርፀልኩም። ኣሜን ኢልኩም ተገዝኡ” ዝብል ብላይን ድሑር ፖለቲካዊ ቅዲ ኣሃዳውያን ብትብዓት ነፂጉ። እምብለይ ኣይዳነይን ኢሉ። ምእንተ ብሄራዊ ክብርን ሓርነትን ዝኸፈሎ መስዋእቲ ዳግም ንምሕዳስ በቒዑ። ምፍርራሕን ፈኸራን ከዳዕ ውልቀ መላኺ ኣሃዳዊ ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ቀራሲሙ መራሕቱ ብሰናይ ድሌቱ ንኸመርፅ ዝወሰነ ሓያልን መስተውዓልን ህዝቢ’ዩ። ዝሓለፈ መዋእል ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ’ውን ብሄራዊ ክብርን ፍትሕን ብሓያል ቀላፅሙ ዝተረጋገፁ ደምን ዓፅምን ዝተኸፈለሉ ሰንሰለት ቃልሲ እዩ።

እምበኣር ከስ እዚ’ዩ ተደጊሙ። ዜናዊ ማዕኸናት ዓለም ዝተደመምሉ፣ ሕግን ስርዓትን ዝተረጋገፀሉ ፍፁም ሰላማዊ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራሲያውን ተኣማንን መረፃ ኣካይዱ። ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ከም ሓደ ሰራዊት ትንታግ ሓዊ ወሊዑ። ሓደ ድምፂ ሓርነት፣ መሰል ርእሰ ውሳነ ትግራይ ጋህዲ ብምግባር 6ይ መረፃ ትግራይ ዕውት ኮይኑ። ትካላት ዜና ዓለም ቢቢሲ፣ ቪኦኤ፣ ኣልጀዚራ፣ ሲጂቲኤን፣ ቡሉምበርግ ወ.ዘ.ተ ብርክት ዝበለ ዜናታት ትንታነ ኣቕሪበን።

እዚ ህዝቢ መን’ዩ እንትብላ ሓቲተን። ኣብ ታሪኽ መረፃ ዓለም’ውን ቀዳማይ ምዕራፍ ዝሓዘ ከምዝኾነ ተነጊሩ። ኣስታት 2.7 ሚሊዮን ተመዝጊቡ። 99 ሚኢታዊት መሪፁ። እቲ ቁምነገር መን ተዓወተ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እንተይልና ንልዕልና ሕጊ፣ ፍትሕን ማዕርነትን ማእለያ ዘይብሉ መስዋእቲ ንምኽፋል ዝተዳለወ ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ሰብ ተመሳሳሊ እምነትን ስምዒትን ኣሎ። ሓራሳት ካብ ሕክምና፣ ዝሓመሙ ካብ ዓራት፣ የመና ብዕድመ ዝደፍኡ ወለድና ምርኩስ ሒዞም፣ ፀልማት ጋሊሆም ቅድሚ ሃገሮም ኣብ ናቑጣ መረፃ ተረኺቦም። ከምዚ ዝበለ ፍፁማዊ ዲሲፕሊን ኣብ ካሊእ ዓለም ከምዘይተርኣየ ፀሓፍትን ተዓዘብትን ቃለ ምስክርነቶም ዝሃብሉ ጉዳይ እዩ።

ኣስታት 2 ሚኢቲ ዓመት ዘቑፀረ ባህሊ ዴሞክራሲ ኣለዎም ኣብዝበሃሉ ሃገራት ምዕራብ’ውን ቀልቦምን ሃምኦምን ኣብ ትግራይ ዓሪፉ ኣሎ። ንኣብነት ነባር ጋዜጠኛ ቢቢሲ ነበርን ፀሓፍን ማርቲን ፕላውት ከምዚ ክብል ፅሒፉ ኣሎ። “ኣብዚ ኣፀጋሚ ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኮይና ትግራይ ፍፁም ሰላማውን ዴሲፕሊን ዝተመልአ መረፃ ኣካይዳ። እዚ መረፃ ድማ ንመላእ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ኣብነት ክኸውን ዝኽእል እዩ። መፃኢ ዕድል ትግራይ ዝውሰን ብትግራይ እምበር ብፀቕጢ ውሽጣውን ግዳማውን ሓይልታት ከምዘይኮነ ፂሒፉ ኣሎ።

ምስጢር እዚ ሓቂ ድማ ንቅሓት’ዩ። ውዳበ’ዩ። ሚሊዮናት ከም ሓደ ስድራቤት ተጠሚሮም። ምንኰዶም፣ ሓይሎም ናብ ኒኩሌራዊ ኣፅዋራት ዝፅጋዕ ሓይሊ ፈጢሮም። ስለዚ ሕዚ’ውን ትግራይ ዘይትቑርጠም ተበሃጊት ዓዲ ፍትሕን ማዕርነትን ኮይና ክትቅፅል እያ። ብቐፃልነት ድኽነት ቀቢራ፣ ፍትሓዊ ማሕበረ ቁጠባዊ ኣማዕቢላ ኣብ ዴሞክራስን ምዕባለን ትራንስፎርሜሽን ንምርግጋፅ ኣብ ገዚፍ ውራይ ትዓምም ኣላ። መስመራ ንፁራት፣ እምነታ ቀሉዓት ብነብሰ ምትእምማን ተሃኒፆም ብሳይንስን ጭብጥን ዝማዕበሉ መስመራት ወያናይ ዴሞክራሲ ኮየኖም ይቕፅሉ ኣለዉ።

ከምኡ’ውን ኣብ ዝቕፅሉ 25 ዓማውቲ ዝፍፀሙ ትልምታት ብምሕንፃፅ ተስፋ ሰኒቓ ኣብ ጉዕዞ ትርከብ። ካብ የማንን ፀጋምን ዝመፁ ፅቕጥን ማእለማታትን በታቲኻ ውሑስ ሰላምን ድሕንነትን ትግራይ ዓቂባ መትኒ ፀላእታ ኣናዊፃ ክብርን ናእዳ ወኒና ኣላ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ከምዚ ዝበለ ህዝባዊ ምንቕናቕ ኣካቲታ ስሚ ንፀላእታ ፅዴና መዓር ንህዝባ ኮየና ከምእትቕበል ገዚፍ እምነት ኣሎ። ሕዚ’ውን መነባብሮ ሓፋሽ ክመሓየሽ፣ ራህዋን ምዕባለ ረጊፅና ናብ ዝለዓለ ናሕሲ ምዕባለ ከሳብ ንሰጋገር ሓያል ቃልሲ ዝሓተና ምዃኑ ብምእማን ኩላትና ንትግራይ ክንሰርሕ፣ መባእ ክንከውን ግድን ይኸውን።

**ትግራይ መሪፃ ትግራይ ተዓዊታ !**

# ብርዒኣንበብቲ



## እንተዝኸውን ደጋጊምካ ትስወኣሎ

ሰላም እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣቐዲመ እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት 2013 ዓ/ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና። ዓመተ ሰላም፣ ምዕባለን ራህዋን ክኾነልና እናተመነኹ ንሓዱሽ ዓመት ፈላመይቲ ፅሑፈይ ክመልሰኩም።

እሞ እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ወረጃ ህዝቢ ትግራይ በብመዋእሉ ታሪክ እናሰርሐን እናፅሓፈን ዝመፀ ህዝቢ’ዩ። ሕዚ’ውን ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ፍሉይን ተኣምረኛ ታሪክ ብምድጋም ንፈታውን ፀላኢን ኣጀብ ዘብል ፍፃመ ፈፂሙ። ሓዱሽ ዓመት 2013 ዓ/ም ተሰጋጊሩ ኣሎ። ጉዑዞ ሰላምን ለውጥን ጀሚሩ የዒስ በሉለይ፤ ወዮም ፀላእትና ውዒሎም ሓዲሮም ሞቶም ከምዘይተርፍ እናዘንግዕዎ እምበር ህዝቢ ትግራይ ንቁሕ፣ በሊሕ፣ መስተውዓሊ ብዝኾነ ይኹን ፀበባን ፅቕጥን ዘይፍታሕ ወረጃ ህዝቢ’ዩ።

ስለዚ 6ይ ክልላዊ መረፃ ንምዕዋት ካብ መንእሰይ ክሳብ ሰብ ፀጋ ዕድመ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ንናብ መረፃ ናቁጡኡ ውሒዙ መረፅኡ ተጀሚሩ ክሳብ ዝዛዘም ፍፁም ብዝኾነ ስነ-ምግባርን ሰላምን ወዲኡ። “ንትግራይ መሪፁ ደም ስውኣትና ሓቢሱ ታሪክ ደጊሙ ንሕልሚ ንጉስን መጫፍርቶም ጉጅለ ብልፅግና ዳግም ኣዛሪቡ ርእሶም ከድንኑ ንዝገበረ ህዝቢ’ዩ። እንተዝከኣል ንምንታይ ደጋጊምኻ ምስዋእ ሞሳን ክብርን ዘለዎ እምበር ዘናስሕ ኣይኮነን እሞ ካብዚ ህዝቢ እዚ ምፍጣርና ዕድለኛታት ኢናሞ ንቕድሚት ዝተጀመረ ጉዑዞ ህዳሰና ከይተዓናቐፍ ሕዚ’ውን ብሕቡርና ጉዑዞና ንቐፅል እናበልኹ ኣብ ቐፃሊ ብኻሊእ ዛዕባ የራኽበና ኣሜን።

**ኣስረስ ኣረሩ (ጫሕማይ)**

## ዮውሃና ንህዝብና

እንኳዕ ደስ በለና። ፀሓይና በሪቑ። ተስፋና ለምሊሙ፣ እምነትና ፅንዓትና ንዓለም ኣዛሪቡ። ትግራይ ዓዲ ሕጊ፣ ሰላምን ምዕባለን ምኳና ዓለም ለኻውያን ሚድያታት ክዛረባ ሰሚዕና። በዚ ድማ ባህ ኢሉና ኣሎ። የውሃና ንህዝቢ ትግራይ ይኹን።

**ሳራ ዘኣፅዮን ከተማ ኣክሱም**


ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር

**ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን**

- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

**ኣሰናዳእቲ**

- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን - ስንዳዮ ኣፅብሃ
- ፀሃይ ገብረ

ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት - ዕፃይ ሓጎስ
ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን - ሃ/ሚካኤል ከበደ



ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25

477 መቐለ
ፋክስ/Fax 40 74 62

03 44 40 26 26
03 44 40 93 44


**ሓበሬታ**

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።


መቓልሕ ትግራይ
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 28 ዓመት ፣ ቁፅሪ 639
15 መስከረም 2013 ዓ.ም


2013 ዓ/ም ትግራይ ብሓዱሽ ናህሪ ናብ ብራኽ ዓወት !

## ሰሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ

# ፖለቲካዊ ዋዒና ሓሊና ማሕበረ ቁጠባዊ ክልልና ነበርኽ!!

ህዝቢ ትግራይ ብዙርያ መለሽ ዓወታት ተፀንቢሉ "ሀ" ኢሉ ዝጀመሮ ሓዱሽ ዓመት 2013 ዓ.ም ኣብ ዝጣየሽ ሓዱሽ መንግስቲ ጎኒ ዓሲሉ፣ ከም ወትሮ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ድሙቕ ተወሳኺ ታሪኽ ከም ዘመዝግብ ኣየጠራጥርን።

ብርግፅ ዘለናሉ ንኡስ መድረኽ ብባህሪኡ ኣዕርዩ ዝተሓላለኸን በብሰዓቱ ዝቀያየርን እዩ። ስለዝኾነ እቲ ኩነታት መኪትካ ብዓወት መሰስ ንምባል ቅድሚ ኩሉ ስነ-ልቦናዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ምድላው ምግባርን ምትዕፅፃፍን ግድን ስለዝብል እቲ ዝጣየሽ ሓዱሽ መንግስቲ ትግራይ ዝሕንፀዖም መደባት ብግቡእ ተረዲእና፣ሕድሕድ ትግራዋይ በብውዳብኡ ዝንፀሩ ዕማማት ዓትዒቱ ብጊዜ የለን መንፈስ ብምፍፃም፣ድሕንነትን ሃለዋትን ትግራይ ብምርግጋፅ፣ ተደማሪ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ምዕ ባለ ንምምዝጋብ ዕቱብ ፃዕሪ ይጠልበና።

ከምዝፍለጥ ኣብ ዝኾነ እዋን ዘይሃስስን ንዘልኣለም ዝዝንተውን ድሙቕ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዝተፅሓፈ ብናይ ወለዶታት ቕብብል እዩ። ጀሚርናዮ ዘለና ሓዱሽ ዓመት ድማ ትግራይ ኣብ ቀፃሊ 25 ዓመት ኣብ ዝለዓለ ምዕባለ ብራኽ ክትበፅሕ፣ መንግስቲ ትግራይ ትማሊ ዘመዝገቦም ዓወታት ከም መንጠሪ ብምውሳድ ውዑይ መንፈስ ቃልሲ ብኩለ መዳያዊ ዓቕምታት ህዝብን ልምዓታዊ ሰብ ሃፍትን ኣዋዲዱ ድኽነት ብምምሓው፣ ስራሕ ስእነት በቢብርኩ፣ ብምውጋድ ብሓፈሻ ተጠቃምነት ህዝቢ ትግራይ፣ ብፍላይ ደማ ተጠቃሚነት ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ንምርግጋፅ፣ ኣብ 2013 ዓ/ም ዓቕሚ ዝፈቕዶ ርብርብ ክግበር እዩ፡፡

ስለዝኾነ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፣ብቐንዱ ህዝቢ ትግራይ፣ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ትግራይ፣ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ልምዓታዊ ሰብ ሃፍትን ነጋዶ ትግራይ፣ ዲያስፖራ ትግራይ፣ ብዘይ ዕረፍቲ ቀትርን ለይትን ሃለዋትን ድሕንነትን ትግራይ ውሑስ ንምግባር ዝሰራሕኩምዎ ቅያ፣ መንግስቲ ትግራይ ልዑል ፍናን እንትስመያ ኣብ 2013 ዓ/ም እውን ኣጠናኺርኩም ከም እትቕፅልሉ ብምትእምማን እዩ ፡፡

ብድማር ዋርድያ ቀንዲ ፀላኢና፣ ድኽነት፣ ድሕረትን ድንቁርና ዝኾነ ኣሃዳዊ ውልቀ መላኺ ጉጅለ፣ ከምኡ እውን ካብ ኣተሓሳስባን ተግባር ክራይ ኣካብነት ዝፍልፍሉ ከባብያዊነት፣ ብጉልባብ ሃይ ማኖት ዝሳወሩ እከይ ተግባራት፣ ብኽነት፣ ጥቕዓት ደቂ ኣንስትዮ፣ኮቪድ-19 ብምምካት ኣብ ሓዱሽ ዓመት ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ብምውሳድ ዝረኣይን ዝጭ በጥን ውፅኢት ንምምዝጋብ፣ ሕድሕድ ትግራዋይ ክረባረብ ይግባእ፡፡

ብፍላይ ሲቪል ሰርቫንት ድማ ንህዝቢ ትግራይ ምግልጋል ድርብ ክብሪ ምዃኑ ኣሚኑ ካብ ድሑርን ጎታታይን ልማዳዊ ኣሰራርሓ ተናጊፉ፣ ልምዓታዊን ዲሞክራስያዊን ኣተሓሳስባ ጨቢጡ ሰኣኒ ህዝቢ ኮይኑ ከገልግል ይግባእ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣርባዕተ መሰረታዊ ሕቶታት ህዝብና ዝኾኑ ማለት ምዕሳል ሰላም፣ ምዕሟቕ ዲሞክራሲ፣ ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳርን ምርግጋፅ ማሕበረ- ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን፣ ንምፍታሕ ፖለቲካዊ ዋዒና ሓሊና ማሕበረ ቁጠባ ክልልና ንምብራኽ ብግዜ የለን መንፈስ ክንምርሽ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፃዊዒት እንተቕርብ፣ ኣብ ትግራይ፣ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ሃገርና ከምኡ እውን ኣብ ኣርባዕቲኡ ኩርናዓት ዓለም ዘሎ ኩሉ ህዝብና ተግባራዊ ምላሽ ከም ዝህብ ብምትእምማን እዩ፡፡

**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስቲን ክልል ትግራይ**
**መቐለ**
**08 መስከረም 2013 ዓ/ም**

## ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዛጊድ ካብ ባሕቲ ሓምለ ጀሚሩ ካብ ብርኪ "ሐ"ን መካረይትን ከባቢ 350 ሚልዮን ብር ንምእካብ ተተሊሙ፤ ክሳብ ሕዚ ደጋውን ውሽጣውን ተፃብኦታት ብምፅዋር፣ 85 ምኢታዊ ከፈላይ ግብሪ ከቲቱ፡፡ ኣስታት19 ሚልዮንን 7 ሽሕን 442 ብር ከም ዝተኣከበን ብሓፈሻ ካብ ክረምታዊ መደብ 39 ሚልዮንን 7 ሽሕን 516 ብር ክእከብ ከምዝኸኣለ ሓቢረን፡፡

ይኹን እምበር ከም ዕንቅፋት ኮይኖም ዝተረኽቡ ፀገማት ብዳህሳስን ገምጋማዊ መፅናዕትን ዝተረኽቡ፣ ከም ግብሪ መሬት፣ መጥቀሚ ሕርሻን መስኖን፣ ኣታዊ መዓድን፣ ኣብ ከተማታት ቀረፅ ቴምብር፣ ኣታዊ ኣካረይትን ተኻረይትን ኣባይቲ፣ መሸጣ ገዛን ካልኦትን ዝምልከት ኣብ ኣፈፃፅምኦም ጉድለታት ከምዘለዎም እተን ዋና ዳይሬክተር ኣብሪሀን፡፡

ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ትግራይ ልዕሊ4 ነጥቢ 9 ቢልዮን ብር ተኣኪቡ ምንባሩ ብምዝ ኽኻር፣ ኣብ ነጋዶ ዝርአ ቅብሊት ዘይምሃብን ኣብ ተጠቀምቲ ቅብሊት ዘይ ምሕታትን፣ ኣብ ምዕባለ ትግራይ ዓብዪ ፅልዋ ስለ ዘሕድር፣ እዚኦምን ከምዚኦምን ዝበሉ ፀገማት ንምፍታሕ ሰብ መዝገ ኪኢላታትን ብቕንዕናን ተወፋይነትን ክሰርሑ እተን ዋና ዳይሬክተር ኣታሓሳሲበን፡፡

## ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ...
### ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ሕማም ዓሶ ብበዝሒ ዝረኣየሉ ካብ ክራማት መወዳእታ ብፍላይ ከዓ ካብ መስከረም መጀመርያ ክሳብ ታሕሳስ መወዳእታ እዩ ዝበሉ ኣይተ ኀይተኦም፣ ሕብረተሰብ ነቲ ሕማም ንምክልኻል ድሕሪ ክራማት ንሰብን እንስሳን ዘይጠቕሙ ቆፅላ መፅሊ፣ ዝዓቖሩ ማያት ጆቕጆቓትን ንምርባሕ ጣንጡ ምቹዋት ስለዝኾኑ ክፃህዮም፣ ከፍስሶምን ከደፍኖምን ኣለዎ ኢሎም፡፡

ሕማም ዓሶ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብምጥቃዕ ኣብ ልቢ፣ ኩላሊትን ርእስን ተሰግሲጉ ናብ ሓደጋ ዘብፅሕ ሕማም ስለዝኾነ በዚ ሕማም ዝተትሓዘ ሰብ ቀልጢፉ ናብ ሕክምና እንተዘይከይዱ ክሳብ ሞት ዘብፅሕ ሓደጋ ኪጋጥሞ ከምዝኽእል ኣይተ ኀይተኦም ሓቢሮም፡፡

ሕማም ዓሶ እተመሓላልፍ ጣንጡ እትራብሐሉ ዝዓቖረ ማይ (ጆቕጆቕ) ምፍሳስን ምድራቕን በዝሒ ጣንጡ ክንኪ ከምዝገብር፣ ኩሎም ኣባላት ስድራ ኣብ ኬሚካል ዝተኣለኸ ዛንዜራ ክድቅሱ ብምግባር ሕማም ዓሶ ምክልኻል ከምዝከኣል ኣይተ ኀይተኦም ኣብሪሆም፡፡

ብተወሳኺ ኬሚካል ዝተነፀገሉ ኣባይቲ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኖራ (ቀለም) ክቕባእ፣ ክሕፀብን ወረቐት ይኹን ጨርቃ መረቒ ክልጠፈሉን ከምዘ ይብሉ ሕብረተሰብ ነዚ ተገንዚቡ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ይኹን ንምጥፋእ ኣብ ዝግበር ርብርብ እጃሙ ከበርክትን ምልክታትን ስምኢታትን ሕማም ዓሶ ዝተርኣዮ ሰብ ድማ ብህፁፅ ናብ ትካላት ጥዕና ክኸይድን ምርመራ ዓሶ ክገብርን ከም ዘለዎ ኣይተ ኀይተኦም መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም፡፡

## ኣወዳድባ ልምዓት... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ድኹዕን ኮምፖስትን እናተጠቐሙ፣ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ማይ እናኣለዩ፣ ታይሪጀርን ገፊሕ ድጉርን ተጠቒሞም እናረ ውሑን ኬሚካል ተጠቒሞም እናፃህዩን ዝሐሸ ንጥፈታት ከምዝተሰርሐ ኣይተ ሃይለሚካኤል ኣገንዚቦም፡፡

ጎድና ጎድኒ እዚ ካብ 17 ጣብያታት ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም እተን 14 ጣብያታት ክላስተር ስርናይ ተባሂለን ከም ዝተፈለያ፡፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ምቁርራፅ ዝናብ ኣርእዩ እኳ እንተነበረ፣ ዳሓር ግና ዝሐሸ ዝርገሐ ከም ዝነበረን እቶም ዝራእቲ ኣብ ፅቡቕ ብርኪ መፍረያይነት ከም ዝርከቡን ተዛሪቦም፡፡

ኣብ መወዳእታ ካብ ዝተዘርአ ልዕሊ 85 ሚእታዊ መሬት ወይ ድማ ካብ ሓደ ሄክታር 21 ነጥቢ 6 ኩንታል ክኣቲ ከም ዝተገምገመን ወራር ኣምበጣ ብምርብራብ ዝተወደበ ህዝብን ኣካላት መሪሕነትን ብዙሕ ከይሃሰየ ከምዝጠፍአን ተዛሪቦም፡፡

## ኣብ ክላስተር ኣክሱም... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ተተካኢ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንትን ሰደድን ክላስተር ኣክሱም ኣይተ ፍቕረኣለም ብርሃን ከምዝበልዎ፤ ኣብ ከተማ ኣክሱምን ዓድዋን ልዕሊ 22 ቢልዮን ብር ሃፍቲ ዘመዝገቡ 1310 ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ረኺቦም። ካብዚኣቶም እቶም 465 ምህርቲ ምፍራይን ግልጋሎት ምሃብን ዝጀመሩ እንትኾኑ እቶም 428 ኣብ ህንፀት፣ እቶም 417 ሰብ ሃፍቲ ድማ ኣብ ቅድመ ህንፀት ይርከቡ፡፡

እዚኣቶም ብቀዋምን ጊዜያዉን ንልዕሊ 51 ሽሕ ወገናት ስራሕ ዕድል ምፍጣሮም ድማ እቶም ተተካኢ ሓላፊ ሓቢሮም።

ብተመሳሳሊ ኣብቲ ክላስተር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ን200 ሰብ ሃፍቲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ንምሃብ ተተ ሊሙ፤ ልዕሊ 3 ነጥቢ 7 ቢልዮን ብር ሃፍቲ ዘመዝገቡ 195 ሰብ ሃፍቲ ፍቃድ ኢንቨስትመንት ከምዝተዋሃበን እቶም ሰብ ሃፍቲ ኣብ ስራሕቲ ማኑፋ ክቸሪንግ፣ ኮንስትራክሽን፣ ሆቴል ቱሪዝም፣ ሕርሻ፣ መኣድንን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ዝነጥፉ እንትኮኑ፤ እዚኣቶም ብቀዋምን ጊዝያውን ንልዕሊ 14 ሽሕ ወገናት ግዝያዉን ቀዋምን ስራሕ ዕድል ከምዝፈጠ ረሎም እቶም ተተካኢ ሓላፊ ኣረዲኦም።

ኢንቨስትመንት ክላስተር ኣክሱም ንምዕባይ ሎሚ ዓመት ን120 ኣውፈርቲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ንምሃብ ተዳሊዎም ከምዘለዉን ካብዚኦም ሓደ ኣብቲ ክላስተር ጨርቀ መርቒ ዝተታሓዘ ኢንዳስትሪ ዞን ብምህላዉ እዚ ብኣግባቡ ንምልማዕ ኣብ ከተማ ዓድዋ 12 ሄ/ር መሬት ከምኡ እውን ኣብ ከተማ ኣክሱም ንጨርቀ መርቅን ካልኦት ኢንቨስትመንት ዝውዕል መሬት ተዳሊዉ ከምዘሎ ብምግላፅ ሰብ ሃፍቲ ነቲ ዕድል ንክጥቀምሉ ኣይተ ፍቕረኣለም ፃውዒቶም ኣቕሪቦም፡፡

ቅድሚ ሕዚ ኣብ ኢንቨስትመንት ዝነበረ ቢሮክራሲ ሎሚ ከምዝተመሓየሸ ናይዚ ምኽንያት ድማ መንግስቲ ትግራይ ኢንቨስትመንት ትግራይ ንምዕባይ ብዝሓዞ ዓብዪ መደብ መሰረት ነዚ ዘድሊ ዓብዪ በጀት ብምምዳቡ ዝተክሓሰ መሬት ንኢ ንቨስትመንት ተዳሊዉ ስለዘሎ ሰብ ሃፍቲ እንትመፁ ሓንጎፋይ ኢሎም ከምዝቕበልዎም ኣረዲኦም፡፡

ኣብ ክላስተር ኢንቨስትመንት ኣክሱም ቅድም ክብል ንኢንቨስትመንት ዝወሰድዎ መሬት ዘየ ልምዑን ኢሉ እውን ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ስራሕቲ ግልጋሎት ምሃብ ክጅምሩ እናተገበኦም ዝይጀመሩ ሰብ ሃፍቲ ናብ ስራሕ ክኣትዉ ደገፍን ክትትልን ይግበር ምህላዉ ሓቢሮም።

# መስቀል:- ሰሓባይ ቀልቢ ዓለም

**ብመስፍን ገ/ትንሳኤ**

በዓል መስቀል፣ ከም ሰማይ ክረምቲ እናጉረምረሙ ዝስሕቑ ዕምበባታት መስከረም ተዓጂባን ዓመታዊ ሪጋኣ ሓልያ ከተፍ ኢላ ኣላ። ከመይ ከም እንውልዖ እንተፈሊጥና ኣብ ልቢ ሕድሕድና ተወራራሲ ብርሃን ታሪክ ኣለና።

ኣብ ውሽጢ ማህደር ታሪክ ካብ ዝተሓኞፉ ዙርያ ምላሽ ትውፊት ሓደን ቀንድን ቅርሲ እዩ። ደቂ ሰባት፣ ርእስና ከመይ ከምንጥቀመሉ እንተ ዳሚፅናዮ ካብ ዓለም ይሰፍሕ፤ ወዲ ሰብ ንባዕሉ ዝያዳ ዓለም እዩ።

ሂወት ወድ ሰብ ይመፅእ፣ ይቕፅልን ይሓልፍን፤ ወለዶታት እናተቐባበሉ ካዓ ይትክእዎ፣ የጎልብትዎ። ድሕሪ ሓያሎ ፀልማት ጉዕዞ ተሳጊርና ሓድግታትና ንምሕ ብሓብ ተበራቢርና ኣለና።

ብፍላይ ስነ ስርዓት ምውላዕ ደመራን ነዚ ኣቐዲሙ ዝሳለጥ ልምዲ ምዕኳኹን ክኸበር እዩ፤ እዚ ጥንታዊን ሓላፍነትን ዝወስድ ውሑድ ሰብ ሒዝካን ምስ ሃይማኖታዊ ትካላት እናተዘራረብካን ክልል ወኪልካ ስፍሕ ብዝበለ መልክዑ ክባዓል ምድላዋት ተወጊኑ» ይብሉ ኣይተ ዳዊት ትካቦ።

እወ ሕሉፍ ጥበብ ሰብ ሞያ ኣያታትናን ኣደታትናን ብትዕግስቲ ዝተፈተኑ፣ ስራሕቲ ኪነት፣ ስነ ጥበባትን ኢደ ጥበባትን ሁልቀ መሳፍርት የብሎምን። ወለድና ወራዲ ማይ እናስተዩ፣ ፍረ ምድሪ እናበልዑ፣ ኣብ ምድሪ ቤት እናደቀሱን ኣብዚ ኣብፂሖምና።

እዛ ጥንታዊት ምድሪ ተጋሩ፣ ብታኣምራት ኣይቀንዐትን፤ ናፃነትናን ሓርነትናን ፀኒዑ ክነብር ዝኸኣለ፣



**ኣከባብራ በዓል መስቀል ኣብ መቐለ**



**ኣታሓባባሪ ልምዓት ባህሊ፣ ኣይተ ዳዊት ትካቦ**

ብዝኾነ ትግራዋይ እናተተኻኸአ እንትመፅእ ዝኾነ ዓይነት ኣሰር ከየምበረ ብሕሹኽ ተዛሪቡ ብሰላሕ ዝሓልፍ ኣይኮነን። እኳ ዳኣ ታሪክ ኣብ ምስራሕ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝተፈለየ ስብእና፣ ቅርፂ፣ መልክዕን ፀባይን እናሓዘ የፈፅም።

ወለድና ሕሉፍ ዛንታና እንትነግሩና ፅውፅዋይ ከም ዝነግሩና ፅን ኢልና ሰሚዕና ንሓልፎ ኣይኮንናን።ህዝቢ ትግራይ ይትረፍ ሎሚ ናብ ቴክኖሎጂ ተፀጊዑ፣ ገና ሱር ካብ ምዅዓት ይኹን ኣቑፅልቲ ካብ ምብጣስ ልምዲ መሊኡ ከይተናገፈ እንዳሃለወ፣ ብዙሕ ዘስደ ምሙ ተኣምራት ሰሪሑ።

ሎሚ ኣብቲ ምዕቡል እዋን ስለ ዝርከብ የማነ ፀጋም ብዝነፍስ ፖለቲካዊ ኣየር ከይተዳህለለ መስ ሕባቱ ከጠናኽሮም ይግባእ። ታሪክና ካብ ላዕሊ ተፃሒፉ ከም ዝተውሃበና ጌርና ኣይንወስድን፤ ነይሩና ኣይፈልጥን ክህልወና እውን ኣይኽእልን።

ምኽንያቱ ምስ ትውፊቶም፣ ባህሎም፣ ልምዶም፣ ዝረአን ዘይረአን ቅርስታቶምን ካልኦትን ዘሕለፉልና እዮም።ሕዚ ንውድቀትናን ዓወትናን ግና ሓላፍነት ንወስድ ኣንሕና ኢና። ሓደ ምዕራፍ ታሪክ ተዓፅዩ ካልእ ዛንታ እንትኽፈት እቲ መዕፀውን መኽፈትን ቁልፊ ምዕባለ ብቕብብል ኣብ ኢድና ኣሎ።

ኣይተ ዳዊት ትካቦ ካብ ዘቋረፅዎ እንትቕፅሉ «ዳሜራ ሎሚ ዓመት ከምቲ ሕሉፍ ብድምቀትን ዕምቆትን ዘይምኽባሩ፣ ኣሸበሽብ ኣብ ኢኮኖምያዊ ምንቅስቓስ ዝፀዓኖ ኣሉታዊ ኣርዑት ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኣይብሉን።

እንተ ኣብቲ ዝተመዝገበ ሓድግና ወይ ባዓል መስቀል ዘዕርፎ ፅልዋ ግና ኣይክህሉን።ምኽንያቱ እቲ ሕማም ኮረና ቫይረስ፣ ንዓና ነፂሉ ዝወቅዕ ሃገራዊ ማዓት ጥራሕ ኣይኮነን፤ ዓለም ለኻዊ ጉዳይ እውን እዩ» ይብል።

ባዓል መስቀል ኣብ ቅርሲ መዝገብ ምምዝጋቡ መስሕብ ውሽጣውን ደጋውን ሃወፅቲ ይበራኸት፤ እቲ ባዓል ብድሙቕ ዝኽበረለን ከተማታት ትግራይ ብኢኮኖሚ ይጉልብታን ክልልና እውን ሓይሊ ኣታዊኣ ክብርኽ ይሕግዝ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እኳ ብመስሕብ ቱሪዝም ብሚልዮናት ኣታዊ ከም ዝተረኽበ ይፍለጥ፡፡

ኣብ መወዳእታ ቀልቢ ዓለም ከመይ ክንስሕብ ከም ዘለና ብተግባር ኣርኢና ኢና። ካልኦት ዘይተመዝገቡ ኣብ ምጥንኻር ንቐድሚት ዝወስዶ ምኳኑ እናሓበርና ኣብ ዝስዕብ መደብ ብሰላም የራኽበና፡፡



**ኣከባብራ በዓል መስቀል ኣብ ዓዲግራት**

ምስ ኣታሓባባሪ ልምዓት ባህሊ፣ ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ኣይተ ዳዊት ትካቦ ፃንሒት ንግበር። «ባዓል መስቀል ዝምልከት፣ ኣብ ኩሉ ከባቢ ትግራይ ብፍላይ ኣብ ከተማ ዓድግራትን መቐለን በቢ ዓመቱ ክባዓል ዝፀንሐ፣ ዘሎን ዝቕፅልን እዩ።

ሎሚ ዓመት ግና ከምቲ ልሙድ ዝፀንሐ ክኸይድ እኳ እንተዘይተኻእለ፣ ንዕኡ ኣብ ግምት ዘእተወ ምድላው ይግበር ኣሎ።

ኣብ ምክልኻል ሕማም ቫይረስ ኮረና ልዑል ጥንቃቐ ጌርካ ኣብ ምብዓል፣ ዝራኣናዮም ፅቡቓት ምዕባለታት ኣለዉ። ስለዚ ከይተገበረ ካብ ዝሓልፍ፣ በዝሒ ዘይብሎም ውሑዳት ሰባት ዓዲምካ፣ እቲ ባዓል ብዘይ መኺልፍ ክሓልፍ ይግበር ኣሎ።

ታኣምራዊ ሓገዝ ስለ ዝዓረፎ ኣይኮነን። እንታይ እሞ ይኹን፣ ነገራት እንትሓልፉ ፅውፅዋይ ኮይኖም እናተ ረፉ፣ ኣብ ጉዕዞ ድሕርሕሪት ፀኒሕና።

ኣይተ ዳዊት ትካቦ «ብዛዕባ እቲ ባዓል ኣመል ኪቱ ዝካየዱ ዘተታት ኣለዉ። ዝበዝሕ ህዝብና ኣብ ገገዝኡ ኮይኑ ብቴሌቪዥን ክከታተሎ እዩ። ኩሉ እቲ ሃይማኖታውን ባህላውን ትሕዝቶ ዘለዎ መግለፅታት ብዝርዝር ክካየድ እዩ።

እዚ ከም ዘሎ ወሲድና፣ ኩሉ ሰብ እኳ ዝምልከቶ እንተኾነ ብፍሉይ ምስቲ ባዓል ውሱን ምትእስሳር ዘለዎም ሰብ ተሓርዮምን ክዕደሙ እዮም። ኣቐማም ጥኦም ተፈናቲቶም፣ ከውሊ ኣፍ ወይ ማስክ ገይሮም ነቲ ባዓል ድምቀት ክህቡ እዮም» ይብል።

# ህዝቢ ትግራይ እንተሓቢሩ...

**ብተሻለ ገ/እግዚኣብሄር**

“...መረፃና ዘመልከቶ ዓቕምና ብረት፥ ዕጥቂ፥ ሰራዊት እንተይኮነስ ንቑሕ፥ ውዱብ፥ በዓል ብዙሕ ክብሪ ዝኾነ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ሰራዊት እዩ። ሕገ መንግስታዊ መሰልናን ሕብረ ብሄራዊ ፌደራሊዝምን ኣኽቢርና ዘካየድናዮ ታሪኻዊ መረፃ ፖለቲካዊ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ እዩ።”

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተፀርሐ ሓሳብ ምክትል ርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ኣቦ መንበር ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካል ንምዝዛም 6ይ ክልልዊ መረፃ ትግራይ ኣመልኪቶም ካብ ዘመሓላለፍዎ ኣብነታዊ መልእኽቲ ዝተወሰደ እዩ፡፡

“ታሪኻዊ መረፃ ትግራይ ብዘይምንም ፀገም ብዘስደምም ተሳትፎ ህዝቢ ብድሙቕ ዓወት ተሰንዩ ምዝዛሙ፣ ኣብ ገጠርን ከተማን ዝነብር ህዝብና ብዘይ ኣፈላላይ ልክዕ ከም ኣብ ሓደ ዳስ ዝካየድ ውራይ፥ ክንደይ ፀቕጥታትን ውዲታትን ኣብ ዝተፍሓሰሉ ኩነታት ከም ንቡር ወሲዱ ሽብረኽ ከይበለ ብልዑል ወነን ሓቦን ብኹሉ መዳይ ዕዉት ዝኾነ ታሪኻዊ መረፃ ብምክያዱ ንህዝቢ ትግራይ ልዑል ክብሪ ይግብኦ።ህዝቢ ትግራይ ሒዝካ ዘይካኣል፥ ዘይፍንፃሕ ከውሒ የለን። ህዝቢ ትግራይ ፍልፍል ኩሉ ዓቕሚ ዝኾነ ክቡር ህዝቢ እዩ፡፡” ክብሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘለዎም እምነት ይገልፁ፡፡

እቲ ታሪኻዊ መረፃ ኩሉ እንተዘይረባረበሉ ይብሉ ደ/ር ደብረፅዮን፣ ይትረፍ ኣብ ክልተ ወርሒ ኣብ 20 ወርሒ ምድላው እውን ከምዚ ዝበለ ዕዉት መረፃ ኣይምተኻየደን።ኩሉ እንተተላዒሉ፥ እንተተሓባቢሩ፥ ተወዲቡ እንተወፊሩ፣ ዘይካኣል ዝመስል ኩሉ ዝካኣል ምዃኑ ዘረጋገፀ ታሪኻዊ ፍፃመ እዩ። ብሓፂሩ ዝተኻየደ መረፃ ብዙሕ ክዝ ረበሉ፥ ክፀሓፈሉ ንህልዊን ንቐፃሊ ትውልዲን ክመሓላለፍ ዝኽእል ብዓል ብዙሕ ታሪኽ መረፃ ከምዝኾነ እውን ተዛሪቦም።

መናእሰይ ትግራይ ንዝሰርሕዎ ታሪኻዊ ፅንዓ ትን ቃልስን ኣመልኪቶም እንትገልፁ ዶ/ር “ኣንቱም ኣብታ ፈታኒት እዋን ሕድርኹም ዘየዕበርኩም መናእሰይ ሰብ ቅያ፥ ደጊመ እንኳዕ ደስ በለኩም፤ ደስ በለና። መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምርግጋፅ ቅድሚ መረፃ፥ እዋን መረፃን ድሕሪኡን ዝፀሓፍኩምዎን ትሰርሑዎ ዘለኹምን ታሪኽ ኮይኑ ተፃሒፉ ኣሎ። ብኣኹም ትግራይ ኮሪዓ እያ፥ ንስ ኹም እውን ገና ብዙሕ ታሪኽ ክትሰርሑ ዝተሓ ረኹም ሰብ ጊዜ ኢኹም።”ብምባል ናእድኦም ይገልፁ።

ብተመሳሳሊ ንፖለቲካዊ ዉድባት ትግራይ ዝኸድዎ ውሕሉል ኣካይዳ እውን ብኽምዚ መልክዕ ይገልፅዎ፡፡”ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ንፖለቲካዊ ባይታ ትግራይ ኣብ ምስፋሕን ብሓቂ ንሕንሕ ኣብ ሓሳብ ክኸውን ዝከኣለኩም ኩሉ ፃዕሪ ብምግባርኩም ልዑል ምስጋናና ይብፃሕኩም። ምሳኹም ዘለና ኣፈላላይ ናይ ሓሳብ ስለዝኾነ ከም ፀጋ ንወስዶን ክብሪ ንህቦን ዩ። እቲ ቁምነገር ህዝቢ ዝደገፎ ሓሳብ ክትግበር ዘይምዕንቃፍ እምበር ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ምህላው ከም ንቡር ክውሰድ ዘለዎ እዩ። ካብዚ ታሪኻዊ መረፃ ዝረኸብኩምዎ ልምዲ ተጠቒምኩም ንባዕልኹም ክትሕይሉን ንፖለቲካ ትግራይ ክትሕግዙን ከምዝግባእ ሓደራ ክብለኩም እፈቱ። ንትግራይ ተድልዩ ተስፋ ዘለኩም ስለዝኾንኩም ዝረኸብኩሞ ልምዲ ዓቕምና ስለዝኾነ ዝበለፀ ዓቕሚ ንክተጥርዩ ተጠቐሙሉ። ብሓባር ዝጀመርናዮ ክንቕፅለሉ እምበር ንያታ መዛረቢ ኮይኑ ክተርፍ ኣይኮነን። ብቐፃሊ ክግበሩ ዝግባእ ጉዳያት ምሳኹም እናተዛተና ክንሰርሕ ጉዕዞ መኸተ ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ካልኦት ጉዳያት እናተማኸርና ንኸደሉ ኩነታት ከምነመቻቹ፥ ፖለቲካ ትግራይ ፍልፍል ምኑፅ ሓሳብ ኮይኑ ክቕፅል ብሓባር ክንሰርሕ ቃል እንኣትወሉ እዩ፡፡”ኢሎም።




መረፃ ትግራይ ንኻልኦት ዓድታት መምሃሪ ብዝኾነ መልክዑ ክካየድ ዝኸኣለሉ ምኽንያት ይብሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፣”እቲ መረፃ፣ መረፃ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብምዃኑ ትግራይ ትመርፅ፥ ትግራይ ትስዕር ከምዝበልናዮ ትግራይ መሪፃ፥ ትግራይ ስዒራ፥ ተዓዊታ ኣላ። ህዝቢ ትግራይ መሪፁ፥ ህዝቢ ትግራይ ድማ ስዒሩ። ስለዝኾነ እውን እዚ ዓወት ናይ ኩሉ ተግራዋይ እምበር መን ክንደይ ወንበር ወሰደ ናብ ዝብል ክነውርዶ ኣይግባእን። እቲ ዝተውሃበ ድምፂ ናይ ኩሉ ትግራዋይ እዩ። ከይዲ መረፃና ብኹሉ መለክዒ ዝወፆ ዘይብሉ ታሪኻዊ መረፃ እዩ። ህዝቢ ሙሉእ ዘይጎደሎ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት መረፃ ዝተሳተፈሉ፥ ክመርፅ ዝግብኦ ካብ ዝተገመተ ወሲኹ ልዕሊ 100 ሚእታዊ ዝተመዝገበሉ፥ ነባርን ሓደሽቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ብዘይተለመደ ኣብ ሚድያ ዝተገበረ ምንቅስቓስ፥ በጀት ማዕረ ደገፍ ዝረኸብሉ እዩ።ህዝቢ ልዕሊ 99 ሚእታዊ ዘድመፀሉ፥ ፍሉይ ታሪኻዊ መረፃእዩ፡፡”ኢሎም።

ውፅኢት ታሪኻዊ መረፃ እንትኽበር ሰላም ውሑስ ክኸውን፣ ኣብ ኩሉ ቦታታት ሓይልታት ሰላም መኽበርቲ ወፊሮም ከም ኣካልን ውላድን ህዝቢ ትግራይ ሰላም ህዝቦም ለይትን ቀትርን ሓሊዮም፣ ሳላ ድሉውነቶምን ተወፋይነቶምን ትግራይ ሰላማ ሓሊያ ዕውት መረፃ ኣካይዳ።ንመረፃ ንምትዕንቓፍ ዝተፍሓሱ ተንኮላት፣ ገሊኦም ተሓሲቦም ክተርፉ፥ ገሊኦም እንተይጀመሩ ክቕህሙ፥ ብምግባር መረፃና ኣብ ኩሉ ቦታ ብዘይምንም ሽግር ክካየድን ክዛዘምን ብምግባሮም፣ ታሪኽ ብምስርሖምን፥ ዝለዓለ ክብርን ምስጋናን ይግብኦም ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም፡፡

ካብ ትግራይ ወፃኢ ንዝለዉ ተጋሩ እውን ኣብ ታሪኻዊ መረፃ ትግራይ ዝካኣል ኩሉ ደገፍ ብምግባሮም ናታቶም ሓገዝ ዝተወሰኾ ታሪኻዊ መረፃን ሙሉእ ዘይጎደሎ ዕዉት ኮይኑ ክዛዘም ኪኢሉ እዩ። እዚ እዋን ልዑል ወፍሪ፥ ናይ ለውጢ ጊዜ ብምዃኑ በቢዓቕሞም ንትግራይ ዝጠቅም ክሓስቡን ከወፍዩን ዶ/ር ደብረፅዮን ፀዊዖም።

ታሪኻዊ መረፃ ህዝቢ ትግራይ መረፃና እዩ ኢሎም ኣብ ዓድን ኣብ ወፃኢን ኮይኖም ደቂ ካልኦት ብሄራትን ብሄረሰባትን ህዝብታትን ንዝገበርዎ መትከላዊ ደገፍ ብምምስጋን ኣሰር ትግራይ ተኸቲሎም ደገፎም ዘላቒ ክኸውን ኣለዎ። ብፍላይ ኤርትራውያን መረፃ ትግራይ መረፃና እዩ፣ ሰላም ትግራይ ሰላምና እዩ፣ ሃለዋት ትግራይ ሃለዋትና እዩ፣ ብምባል ዝገበርዎ ደገፍ ኣዝዩ ዝነኣድ ከምዝኾነ ዶ/ር ደብረፅዮን ይገልፁ።

ኣብቲ መረፃ ህዝቢ ትግራይ ዘሕለፎ መልእኽቲ ከቢድ እዩ ዝበሉ ደ/ር ደብረፅዮን፣ ህዝቢ ትግራይ ፍርሒ፥ ስግኣት እንተይኮነ ተስፋ መሪፁ።ምክፍፋል እንተይኮነ ሓድነት መሪፁ። ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ሓደ ከምዝኾነ፥ ዝተኸፋፈለ ህዝቢ ከምዘይኮነ፥ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ መሰረቱ ኣብ ሓሳብ፥ ኣብ ፖለቲካዊ መስመር ከምዝኾነ፥ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ዝሓዞ ፖለቲካዊ መርገፂ ተመሳሳሊ ጥራሕ እንተይኾነስ ሓደ ምዃኑ ከርኢ እንተሎ ውሽጣዊ ሓድነቱ ክሳብ ክንደይ ስጡም ምዃኑ፥ ኣብ ሓደ ሓሳብ ዝተጠመረ ሓደ ህዝቢ ምዃኑ ንኹሉ ኣመላኺቱ እዩ ኢሎም።

ከምቲ ኣብ መረፃ ዝተርኣየ ሓድነት፣ ኣብ ቀፃሊ መኸተን ካልኦት ትግራይ ንምቕያር ዝስርሑ ስራሕቲ ሓደ ብምዃን ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ትግራይ ክትልወጥ እያ። ሓድነት ተጋሩ ንታሪኻዊ መረፃ ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ፅባሕ ንዝሰርሑ ስራሕቲ ሓያል መንጠሪ እዩ። ኩሉ ትግራዋይ ብቕንዕና እንትወፍር ትግራይ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ብምብፃሕ መርኣያ ክትከውን ኣለዋ፡፡” ኢሎም።

ህዝቢ ልዑል እምነት ዘንበረሉ ውድብ ህወሓት እውን ዝተወሃቦ ሕድሪ እንተየዕበረ ካብቲ ዘለዎ ዕቑር ተመኩሮ ብምልዓል ለይትን ቀትርን ሰሪሑ ትፅቢት ህዝቢ ከማልእ ዝካኣል ኩሉ ክገብር ቃል ከምዝኣቱ ዝገለፁ ዶ/ር ደብረፅዮን፣ ህዝብና ዝመረፀ ገጢሙና ዘሎ ፈተናን ካልኦት ብድሆታትን መር ሚሩ መውፅኢ መንገዲ ዝርከብ ህወሓት ሒዝካ እዩ ኢሉ ከምዝኾነ፣ ንህወሓት ዝተውሃበ ድምፂ ናይ ኣባላትን ደገፍትን ጥራሕ ከምዘይኮነን ድም ፂ ኩሉ ትግራዋይ ምዃኑን፤ ንህወሓት ዝተውሃበ ደገፍ ህወሓት ካብ ህዝቢ ትግራይ ንምፍላይ ዝግበር ፈተነን ፃዕሪን ዋጋ ዘይብሉ ምዃኑ፥ ህዝቢ ካብ ውድብ ህወሓት ንምፍላይ ዝፅዕሩ ኣይትድከሙ ክትፈላልዩና ኣይትኽእሉን ዝብል ግልፂ መልእኽቲ፥ ንኹሉ ፈታዊን ፀላእን ግልፂ ከምዝገበረ ይዛረቡ፡፡

ብኻሊእ ገፅ ድማ ህወሓት ፀገም ዘይብሉ ህዝቢ ዝደለዮ ኩሉ ዘማልእ ፍፁም ውድብ እዩ ኢልካ ክዛዘም ኣይግባእን። ህወሓት ክንደይ ፀገም ዝፈጠረ፤ ይኹን እምበር ካብ ጉድለታቱ ዝመሃር፥ እናመሓየሸ ዝኸይድ በዓል ብዙሕ ተሞክሮን ቅያን ውድብ ብምዃኑ ህዝቢ ኣብ ህወሓት ዘለዎ እምነት ሕዚ’ውን ልዑል ምዃኑ ኣረጋጊፁ። ስለዝኾነ ኣመራርሓን ኣባላትን ህወሓት ሰፍ ዘይብል ሓላፍነት ዝተሸከሙ ምዃኖም ክርድኡ ይግባእ። ህዝቢ ትግ ራይ ብዙሕ ክል ወጠሉ ይደሊ፥ መንእሰይ ትግራይ ክንደይ ክመሓየሸሉ ዝደልዮ ጉዳይ ኣለዎ።ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ንፀገመን ፍታሕ ክረኽባ ይጠልባ፥ ኩሉ ክግበር ዝካኣል ለውጢ ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ክመፅእ ኩሉ ስለዝፅበ ብዙሕ ስራሕ ክስራሕ እዩ እውን ኢሎም።

ህዝቢ ትግራይ ትዕግስተኛ፥ ኣርሒቑ ዝሓስብ፥ መስተውዓሊ፣ ነቶም ካልኦት ህዝብታት መርኣያ ብምዃኑ ኣብ ልዕሊኡ እቲ ኹሉ ጥፍኣት እናተ ሰርሐ ምላሽ ዘይተውሃበ ካብ ሎሚ ፅባሕ ይሓይሽ ይኸውን እናተበሃለ እዩ። ስለዝኾነ እውን ወፍሪ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ብቑልጡፍ ደው ክብል፥ ፖለ ቲካዊ እሱራት ተጋሩን ደቂ ካልኦት ብሄራትን ክፍትሑን ከምዝግባእ ዶ/ር ደብረፅዮን ተዛሪቦም፡፡

ህዝቢ ትግራይ ምስ ካልኦት ህዝብታት ተኸባቢሩ ክነብር፣ ምስ ሰላሙን ድሕነንቱን ዘኽብር ተደጋጊፉ ክኸይድ፥ ብምርድዳእ እምበር ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘወጣውጥ ብረት ጥራሕ እንተይኮነ ዘወጣውጥ ኢድ ክሳራ ክወልድ እንተዘይኮይኑ ትርፊ ከምዘይብሉ ዝተረድአ ዝምድና ትፅቢት ይግበር። እንተዘየለ ግና ሕዚውን ህዝቢ ትግራይ መማረፂታቱ ኣብ ኢዱ እዮም። ሰላም፥ ደሕነንትን ልምዓትን የተኣሳስረና ምስ ዝብሉ ተደጋጊፍካ ምኻድ ወሳኒ እዩ። ምስ ካልኦት ህዝብታት ዝህሉ ርክብ እውን ኣብ ዕላማን ሓባር ረብሓታት ዝተመሰረተ ክኸውን ኣለዎ ኢሎም።

እዚ ታሪኻዊ መረፃ ብዓወት ዛዚሙ፣ ካሊእ ዓቐብ ንምውፃእ ተዳሊና ኣለና ዝበሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፣ መሰል ዓርሰ ውሳነና ምርግጋፅ በይኑ መፍትሒ ኩሉ ፀገም እኳ ኣይኹን፣ ንመፍትሒ መበገሲ መንፀፍ እዩ ኢሎም። ከም ህዝቢ መን ነትካ ስኢንካ ዝመፅእ መፍትሒ ግና የለን። መንነ ትና ብመሰል ዓርሰ ውሳነና ምርግጋፅና ከም ህዝቢ ከይንብተን፥ ከይንጠፍእ ጥራሕ እንተይኮነስ መንነትና ኣረጋጊፅና ተሓባቢርና እንተሰሪሕና ካልኦት ሽግራት እውን ክንፈትሖም ኢና። ስለዚ መረፃና ተስፋ ሒዙ ዝመፀ እዩ። ተስፋ ህዝቢ ዝጭበጥ ክኸውን፥ ተደጋጊፍካ ምኻድ ከምዘድሊ ይገልፁ።

ኣብ መወዳእታ ህፃናት ትግራይ ድኻ እንተ ይኮነስ ድኽነት ዝቐበረትን ዝማዕበለትን ትግራይ ክነረክቦም ንለዓል ዝበሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፣ ትግ ራዋይ እንተሓቢሩ ዘይፍንፃሕ ከውሒ የለን። ተጋሩ ዕድልና ዓብዩ እዩ፤ ጊዜና ሕዚ ምዃኑ ተረዲእና ንሙሉእ ለውጢ ንለዓል፤ ሰላምና ኣረጋጊፅና ካብ ድኽነት ወፂእና ራህዋን ምዕባለን ነመዝግብ። ንኻልኦት ዓድታት መርኣያ ዝኾነት ትግራይ ብም ህናፅ፣ ብኹለመዳይ ዝማዕበለት ሓያል ትግራይ ንሓደሽቲ ትውልዲ ነረክብ ኢሎም፡፡

# ዘይተረሰዐ ዋኒን ትግራይ

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

መን ኣሎ ሓምለዋይ ሽፋን ዘይብህግ? ክራማት ሎምዘበን ብሓምለዋይ ሕብሪ ወቂቡ፣ ለምለም በርኪቱሉ ተዓዚብና። ገፅ ሓረስ ታይ ራሃፅ ይሓፅቦ፣ ገፀ መሬት ድማ ዝናብ ሰማይ ይግጭቦ፤ ማይ ዝረወዩ ቦቕሊ ዘራእቲ ፍሽኽታ ኣይተፈለዮምን።

ገባር ኣብ ማሕረስ ዘርኣዮ ተሪር ጭዋድኡ ኣብ ፃህያይ ደጋጊሙ ኣሰንይዎ፤ እታ ፍረ ዘይበቖቖት ግራት ዓደቦ፤ ኩታ ገጠም ኣእኻል ተሸፊና መወ ዳእታ ክትርኢ ትፅበ ኣላ።

እቶም እዋን ሓጋይ ዕርቃኖም ዝወፅኡ ዝመ ስሉ እምባታት ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም፣ ንባዓል ሓድሽ ዓመት ቆፃል ክዳን ኣቕዲዶም ከም ዝለበሱ መናእሰይ ይራኣዩ።

ነዚ «ኣቲ ስርናይ ቦቖላ ኣብዛ ክዳንኪ» ዝብል ትውፊታዊ ደርፊ ኣፀቢቑ ዝገልፆ እዩ። ሚስጥር እዚ ሽሻይ ክንርዳእ ህንጣወና ስለ ዝበረኸ፣ ንዝምልከቶ ተወኪስና ኤርና።

እዚ ካብ መባእታ ስልጠና ኣንቂሉ ክሳዕ ዘራእቲ፣ ቡሉፃት ዝባሃሉ ንጥፈታት ሓረስቶት ሓሊፉዎ ዝተረኽበ ኣዝመራ ምበር ብቐሊሉ ዝተረኽቦ ኣይነበረን።

ባዓል ሞያ ዘራእቲ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ኣይተ ሃይለሚካኤል ዳኘው፤ «ኣስታት 28 ሽሕ ሄክታር ቀዳማይ፣ ካልኣይ፣ ሳልሳይን ራብዓይን ማሕረስ ግቡእ ፃዕሪ ከም ዝዓረፎ ይዛረብ።

መሳ መሳ እዚ ብብርኪ ወረዳ ክዝራእ ዝግበኦ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬት ልዕሊ ትሽዓተ ሽሕ ሄክታር እዩ። ብመስመር ክሕረስ ዝተትሓዘ 2358 ሄክታር ነይሩና።

እዚ ብሰሪ ሕማም ኮረና ቫይረስ ሓረስቶት ኣታሓባቢርካ ስለ ዘይተሰርሐሉ 325 ሄክታር ጥራሕ ተሰሪሑ ክንድቲ ዝተተለመ ኣይተዓወትናሉን። ምስኡ ብሙሉእ ፓኬጅ ክስራሕ ዝተትሓዘ ካብ ሽሕ ሄክታር ዝዛይድ ተሰሪሑሉ እዩ» ይብል።



ፎቶ ፋይል



ፎቶ ፋይል

ስለዚ እዚ እንሪኦ ዘለና ዕብየት ልምዓት ሕርሻ ትግራይ፣ ጥር ኢልካ ዝተበፅሐን ብሃበ ተረኽበ ዝተረጋገፀን መደያይቦ መሳልል እቶት ኣይኮነን።

ተቓላዓይነት ተፈጥሮ ሓደጋ እናተኸላኸልካ ዓቕሚ ብምፍጣር ዝተጨበጠ፣ ብዝለዓለ ብርኪ ቅልጣፈ ዝተሓፈሰን እንከይተሰላቸኻ ተወጢኑ ዝተኸምበተን ዓወት እዩ።

ካልእ ብዓይነትን መጠንን ትርጉም ዘለዎ ዓብዩ ፍርያትን መፍረያይነትን ንሰደድን እታዎት ዕዳጋን ደጋፋይ ልምዓት ሕርሻ ስለ ዝተረጋገፀ እዩ።

ብተወሳኺ ፍርያትን መፍረያይነት ሕርሻ ክዓቢ፣ ማእቶትና ሓይሉ ክድንፍዕ፣ ቀንዲ ቁፃሮ ዝኸውን ድማ ብዙሕ ሓይሊ ሰብን ናውትን ዘኽ ፈለ ውፃእ ውረድ እዩ።

ኣይተ ሃይለሚካኤል «ውሕስና ምግቢ ክረጋገፅ፣ ትርፊ ፍርያት እናፍረኻ ቅልጡፍን ቀፃሊን ዕብየትን ክርከብ፣ መሰረታዊ ለውጢ ክምዝገብ፣ ኣታዊ ሓረስቶት፣ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ክረጋገፅ ከቢድ ፃዕሪ ተኸፊሉዎ እዩ» ይብል።

«ፓኬጅ ዘራእቲ መደብ ክረምታዊ መፍረይነት፣ ብዝተማለአ ኣገባብ ብምጥቃም፣ ኩሉ ሓረስታይ ሞዴል ሓረስቶት ኣብ ዝበፅሑዎ ብርኪ መፍረይነት ክበፅሕ ተፃዒሩ እዩ።

ሓረስታይ ኣብ ኣተሓሳስብኡ ይኹን ምትግባር ቴክኖሎጂያዊ ዓቕሙ ዝተመጣጠነ ዓቕሚ ክውንን ናይ ብዙሓት ዝምልከቶም ኣእያድ ዓሪፎምዎ እዮም።

እግሪ እግሪ እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ክልልናን ካብ ክልልና ወፃእን ዝተረኸቡ ብሉፃት ተሞኩሮታት እናተወደቡ፣ ናብ ኩሉ ክሰፍሑን ንኹሉ ከባቢ ክኾኑን ውፅኢታዊ ስራሕቲ ተሰላሲሉ።

ሓረስታይና እዚኦም ዘርፊ ብዙሕ ፃዕርታት፣ መዋ ፃኣይነቶም ተረዲኡ፣ ብልቢ ተቐቢሉ፣ ክትግብሮም ዝገብር ኣንፈት ምስፋሕ ናብ ተግባር ሳላ ዘሰጋገረ እውን እዩ።

ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምዕቃብ ጠሊ፣ ምፅንፋፍ ማይ፣ ምጥቃም ታይሪጀር፣ ምጥቃም ገፊሕ ድጉሪ፣ ቀረብ ዘበናዊ ድኹዒ፣ ቀረብ ሙሩፅ ዘርኢ፣ ምጥቃም ከሚካላትን ምክልኻል ሓደገኛ ፃህያይን ዝኣመሳሰሉ ስራሕቲ ተሰሪሖም» ይብል።

ብሓፈሻ ዝተፈላለዩ ባልዓት ትንዕ ስለ ዘይበልዎ ኣይኮነን። ሕማም ኮረና ቫይረስ ፅዕንቶ ስለ ዘየዕረፈሉ ከይመስለና፤ ዕስለ ኣምበጣ ስለ ዘይፈተኑዎ ኣይኮነን።

ኣብ ገሊኡ ከባቢ እኹል መጠን ዝናብ ስለ ዘይሓፀሮ ኣይነበረን። ዝናብ ጥራሕ ከይኮነስ ብመጠን ክትልክዖ ዘፀግም ረሃፅ ዓረ ሓረስታይ ስለ ዝዋሓዞ እዩ።

ማሕረስ ጥራሕ እውን እንተይኮነስ፣ ንማሕረስ ስዒቦም ዝመፅኡ ከበድቲ ንጥፈታት ኣብ ተግባር ውዒ ሎም ናብ ተግባር ስለ ዝተሸረፉ እዩ። ንሱ ጥራሕ እውን ኣይነበረን።

ግዱስነት ልምዓታዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ሰናይ ጕሓቱ ዝነፀሮ ፖሊሲ ልምዓት ሕርሻ፣ ነዚ ንምፍፃም ዝተትሓዘ እስትራቴጂን ፖሊሲን ልምዓት ሕርሻ ኢትዮጵያ ኣሎ።

እቲ ውልቀ መላኺ መንግስቲ ኣብ ሓሸውየን ረኣዩንን እንትትፅመድ ትግራይ ነቲ ፖሊሲ ነኺሳ ሒዛ እቲ እስትራቴጂ ምስ ሓረስታይ ትግራይ ተሳንያ እንዳተግበረት እንሆ ምስቲ ዘሎ ልግሲ ተፈጥሮ እቲ ሚልዮናት ሓረስቶት ዝዓሰሉሉን ዝዋስኡሉን ዝተዋደደ ልምዓት ሕርሻ ትግራይ፣ ቀንዲ ዋኒን መንግስቲን ህዝብን ኮይኑ ቀፂሉ ኣሎ። ብኣተኩሮ ሳላ ዝጠመቶ፣ ክቕፅል እውን እዩ።

... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ሰብ ክፍለ ከተማ ዓይደር ጣብያ ማርታ ዝርከብ ብካርታ ቁፅሪ 32399939/1462 ዝሓዝዎ ናይ መንበሪ ቦታ መዋሰኒኡ ምብራቅ 1283 ፣ ምዕራብ መንገዲ ፣ ሰሜን 1286 ፣ ደቡብ 1282 175ሜ/ካሬ ቦታ ቁፅሪ 1284 ዝኾነ ፋይሎም ስለ ዝጠፍአ ሓዱሽ ፋይል ንምክፋት ስለ ዝደለና ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ትሕዝቶ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ብጋዜጣ መቓልሕ ካብ ዝተቓለሐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ቤት መዘጋጃ ክ/ከተማ ዓይደር ንክቐርብ ተቃዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግና ሓዱሽ ፋይል ከፊትና ከም ነተኣናግዶም ንሕብር ::

**ቤት መዘጋጃ ክፍለ**
**ከተማ ዓይደር**

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ብኸሳሲ ዓ/ሕጊ ዶ/ተምቤን፣ ብተኸሳሲ ኣይተ ሃይልሽ ወለኣበዝጊ ገ/ኣበዝጊ ኣ/ሻ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ጣብያ መልፋ ቑሸት ማይክራባ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ንምዕራይ ተኸሳሲ ንክትቐርቡ ብተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ኣብ ኣድራሻኹም ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ሐዚ'ውን ንዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ወረዳ ደ/ተምቤን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ**
**ደጉዓ ተምቤን**

ኸሳሲ እን/ ወረዳ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ሃለቃ ኣባዲ ካሕሳይ ሓጎስ ኣድራሻ መቐለ ክ/ከተማ 1ይ ወያነ ቀበሌ 18 ቀጠና 02 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ንዕለት 18/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ኣብ ድድባ ደርጋዓጀን ቤት ፍርዲ ንክትርከቡ እንተዘይተረኺብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝውዳእ ምዃኑ ድድባ ደርጋዓጀን ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ድድባ**
**ደርጋዓጀን**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲት ወ/ሮ ኣበባ ወልዱ፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ስንዳዮ ገ/ዋሂድ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ሒዋነ ቐጠና 1 ዝርከብ ብሽም ወ/ሮ ስንዳዮ ገ/ዋሂድ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ::

***ዓይነት ንብረት***

ኣብ ከተማ ሒዋነ ቐጠና 1 ዝርከብ ገዛ መዋ ሰኒኡ ብምብራቕ ፅርጊያ ፣ ብምዕራብ ኣማረ ኣበራ ፣ ብሰሜን ኣማረ ምትኩ ፣ ብደቡብ ዓፈራ ስብሓት ዘዋ ስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ስፍሓት ካሬ ሜትር 99.75 ፣ መበገሲ ዋጋ ብር 1. 120,975.07 /ሓደ ሚኢትን ዕስራን ሽሕን ትሽዓተ ሚኢትን ሰብዓን ሓሙሽተን ምስ 7/100

***ረቛሒታት ጨረታ***

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 02/02/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 – 6፡30 ቐትሪ

3.ቦታ ኣብ ከተማ ሒዋነ ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ ፣ 4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5. ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ::

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ::

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ::

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ :: ነዞም ረቛሒ.ታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ::

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ::

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣሸናፊ ካሕሳይ ግርማይ ኣድራሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ጣ/ዓ/ጉደም ቐጠና 03 ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 06/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀትሪ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ቤት**
**ፍርዲ ዓ/ጉደም**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሞገስ ስዩም ብሩክ ኣድራሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 06/02/2013 ዓ/ም ሰዓት4፡00 ቀትሪ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለ ኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ቤት**
**ፍርዲ ዓ/ጉደም**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሕሉፍ መሓሪ ታደሰ ኣድራሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ጣብያ ዓ/ጉደም ብዝተኸሰስኩምሉ ከ/ጉ/ኣካል ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 22/01/2013 ዓ/ም ሰዓት4፡30 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ቤት ፍርዲ**
**ዓ/ጉደም**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኻልኣዩ ከሓሲ ኣባዲ ኣድራሻ ወረዳ ሕ/ወ/ ጣብያ ማይነብሪ ቁሸት ማይነብሪ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንጉሆ ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይ ኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ቤት**
**ፍርዲ ዓ/ጉደም**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጠዓመ ትካዎ ብልሃቱ ኣድራሻ ወረዳ ሳዕስዕ ፃዕዳ እምባ ጣብያ ሰዝ ቁሸት ዓዲመረታ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 18/2/2013 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ንክትቐርቡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም ኣዚዙ ኣሎ ::

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ዓ/ጉደም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲት ፡- ወ/ሮ ሂወት ገ/ሄር ገ/ስላሴ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ተሰማ ንጉሰ ኻልኣዩ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 03 ዝርከብ ብሽም ኣይተ ተሰማ ንጉሰ ኻልኣዩ ወ/ሮ ሂወት ገ/ሄር ገ/ስላሴ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ::

***ዓይነት ንብረት***

ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 03 ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ = P 993 ፣ ብምዕራብ = P 995 ፣ ብሰሜን = Pመንገዲ ፣ ብደቡብ = P 999 ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ስፍሓቱ 140

መበገሲ ዋጋ 197955 .39 /ሓደ ሚኢትን ቴስዓን ሸውዓተን ሽሕን ትሽዓተ ሚኢትን ሓምሳን ሓሙሽተን ምስ 39/100

***ረቛሒታት ጨረታ***

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 17/02/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 – 6፡30 ቐትሪ

3. ቦታ ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ

4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ::

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ::

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ::

8. እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ:: ነዞም ረቛሒ.ታት ዘማ ልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ::

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ::

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ጨረታ

ኣፈ/ከሳሲ ህፃን ሽሕን ዕፋር መጉዚት ኣይተ ዕፋር ኣበሩ ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ፅጋው ፀጋይ ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤት ፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 03 ዝርከብ ብሽም ኣይተ ፅጋው ፀጋይ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ::

***ዓይነት ንብረት***

ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ቐጠና 3ተ ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ፣ ብምዕራብ መ/ር ኣብርሃ ፣ ብሰሜን መም/ር ገ/መድህን ፣ ብደቡብ መም/ር ታደሰ ዘዋስኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ ስፍሓቱ 250 ካ.ሜትር፣ መበገሲ ዋጋ 255,267.06 /ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ስሳን ሸውዓተን ምስ 06/100 6ተ ክፍሊ ገዛ ዝሓዘ ኾይኑ እቲ ሓደ ክፍሊ ገዛ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ ምዃኑ ፈሊጥኹም በዓልኹም ወይ ሕጋዊ ወኪል

***ረቛሒታት ጨረታ***

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 17/2/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 4፡00 – 6፡00 ንጎሆ

3. ቦታ ኣብ ከተማ ዓ/ጉደም ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ ፣ 4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ

5. ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ::

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ::

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ::

8. እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ:: ነዞም ረቛሒ.ታት ዘማ ልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ንክጫረት ይኽእል ::

9.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ::

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ ምድብ**
**መጋባእያ ዓ/ጉደም**

## ዞባ ደቡብ

ከሳሲ ዓ/ሕጊ ወ/እ/ኣላጀ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ሃፍቶም ገብሪዝጊ ካሕሳይ ፣ ብዝተኸሰስሉ ምስ ትሕቲ ዕድመ ግብረ ስጋ ምፍፃም ገበን ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀረኹም ንክትቐርቡ ናይ ቤት ፍርዲ መፀዋዕታ ንክትወሃቡ ኣብ መንበሪ ኣድራሻኹም ተኣልኸኩም ሰለዝተሰኣንኩም ንዕለት 22/01/2013 ዓ/ም ሰዓ 4፡00 ናይ ንጉሆ ናብ ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲሽሁ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየ ለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ወረዳ እ/ኣላጀ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲሽሁ ኣዚዙ ::

**ወረዳ እምባ ኣላጀ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓዲ ሽሁ**

ኸሳሲ ወ/ራ/ዓዘቦ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ጠዓመነጋሲሓጎስኣብመንጎኹምዘሎናይኣ/ጉድኣት ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ብፖሊስ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ተኣ ልሾም ተሳኢኖም የለን ዝብል መረዳእታ ስለ ዝቀረበ ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንዕለት 05/02/2013 ሰዓት 3፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ሰዓትን ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ::

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ወ/ራ/ዓዘቦ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ምቸኤለይ መሳይ ገ/መደህን ኣብ መንጎኹም ዘሎ ናይ ውንብድና ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ብፖሊስ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ብተ ደጋጋሚ ተኣልሾም ተሳኢኖም የለን ዝብል መረዳእታ ስለ ዝቀረበ ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንዕለት 20/1/2013 ሰዓት 8፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ሰዓትን ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋ ባእያ መኾኒ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ::

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ወ/ራ/ዓዘቦ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኣብረሃ ረዳ ንጉሰ ኣብ መንጎኹም ዘሎ ናይ ኣገዲድኻ ምድፋር ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ብፖሊስ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ተኣ ልሾም ተሳኢኖም የለን ዝብል መረዳእታ ስለ ዝቀ ረበ ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንዕለት 21/01/2013 ሰዓት 8፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ሰዓትን ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ መጋባእያ መኾኒ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምዃኑ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ::

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ወ/ራ/ዓዘቦ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣይተ ንጉሰ ይግዛው ሓጎስ ፣ 2.ኣይተ ኣብርሃ ሓድስ ተኸለ ኣብ መንጎኹም ዘሎ ናይ ከ/ኣ/ምጉዳል ገበን ጉዳይ ተኸሰስቲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ብፖሊስ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ብተደጋጋሚ ተኣልሸኩም ተሳኢኖም የለን ዝብል መረዳእታ ስለ ዝቀረበ ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንዕለት 25/01/2013 ሰዓት 8፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ሰዓትን ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ምድብ

ናብ ገፅ 10 ይዘውር ...

# ማሕበራዊ

**ኣብዚ ዓምዲ ብሉፃት ምህዞታትን ስራሕትን ዘፈር ትምህርትን ጥዕናን ይተኣናገዱ**

# ዘይብተኽ -ህዝባዊ ኪዳን !

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**

ረብሓ ትምህርቲ ብዝተፈላለየ መልክዕ ክግለፅ ዝኽእል ዋላ እኳ እንተኾነ ብቐንዱ ግና ኣብ ደቂ ሰባት ብዘምፅኦ ለውጢ ኣተሓሳስባ፣ ስምዒትን ተግባርን እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ባይታ ብዘምፀኦ ነጥበ መቐይሮ እወንታዊ ሓይሊ ወኒኑ ኣብ ደቂ ሰብ ብዘምፅኦ ግብራዊ ለውጢ ዝዕቀን ዓውደ ፍልጠት እዩ።

ነዚ መበገሲ ብምግባር ማሕበር ልምዓት ትግራይ፤ ትምህርቲ ኣብ ማሕበረ ቁጠባውን ፖሎቲካውን መነባብሮ ሕብረተሰብ ዘምፅኦ መሰረታዊ ለውጢ ተገንዚባ ተሳትፎ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዘይትካእ ግደ እናተፃወተት መፂኣ።

ብምትሕብባር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ግዱስ ትግራዋይ ኣይተ ገብረኪሮስ ወልደገብርኤልን ስድርኦምን ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ዓብይ ዓዲን ብ15 ሚልዮን ብር ወፃኢ ዝተሃነፀ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወ/ሮ ጥሩዎርቅ ኣብርሃ እንግዳሸት 16 ነሓሰ 2012 ዓ/ም ላዕለዎት ኣመራርሓ ዞባ ማእኸል ትግራይ፣ ኣመራርሓ ስራሕ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ፣ ነበርትን ኣመራርሓን ከተማ ዓብይ ዓድን ኣብ ዝተረኸብሉ ብድሙቕ ፅንብል ተመሪቑ።

ነቲ ቤት ትምህርቲ መሪቖም ዝኸፈቱ ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ማእኸል ትግራይ ኣይተ እያሱ ተስፋይ፤ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ምስ ግዱስ ትግራዋይ ኣይተ ገብረኪሮስ ወልደገብርኤልን ኣይተ ሰይፉ ኣብርሃ እንግዳሸትን ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ዓብይዓዲን ብምትሕብባር ካብ ኣፀደ ህፃናት ክሳብ 8ይ ክፍሊ ብፍልጠት ተሃኒፆም ዝወፁሉ ቀዳማይ ብርኪ ተሃኒፁ ንምረቓ በቒዑ ምርኣዮም ብሸም ተጠቀምትን መንግስቲ ትግራይን ኣመስጊኖም።

ኣብቲ ዕለት ተረኺቦም መልእኽቲ ዘሕለፉ ምክትል ፈፃሚ ዳይሬክተር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣይተ ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር ብወገኖም፤ ማልት ቅድም ክብል ኣብ ዉሽጢ ዓድን ወፃእን ዘለዉ ኣባላታን ደገፍታን ብምትሕብባር ኣብ መላእ ትግራይ ብርክት ዝበላ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ኣህኒፃ ንህዝቢ ከምዘረከበትን ይፍለጥ። ሐዚ ድማ ፍሉይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓብይዓዲ ኣብ ከይዲ ህንፀት ከምዘሎ ብምሕባር ግዱሳት ተጋሩ ኣይተ ገብረኪሮስ ወልደገብርኤል፣ ኣይተ ሰይፉ ኣብርሃ እንግዳሸትን ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ዓብይዓዲን ብምትሕብባር ብሸም ብዓልቲ ቤት ኣይተ ገብረኪሮስ ወልደገብርኤል ዝኾና ነብስሄር ወ/ሮ ጥሩወርቅ ኣብርሃ እንግዳሸት ዝተሰየመን 15 ሚልዮን ብር ወፃኢ ዝተሃነፀ ቤት ትምህርቲ ህፃናት ኣብ ቀረበኦም ኮይኖም ዝምሃሩሉ ባይታ ምፍጣር ከምዝተኻኣለ ገሊፆም።

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሎሚ 'ዉን ከም ትማሊ ብርክት ዝበሉ ፕሮጀክታት ልምዓት ሓንፂፃ ትንቀሳቐስ ኣላ። እዞም ፕሮጀክታት ልምዓት ንም ፍፃም ድማ ሕብረትና ወሳኒ ብምዃኑ ኣብ ዉሽጢ ዓድን ወፃእን ዘሎ ትግራዋይ ኣሰር ኣይተ ገብረኪሮስ ወልደገብርኤልን ስድርኦም ኣይተ ሰይፉ ኣብርሃ እንግዳሸትን ብምስዓብ ሰናይ ስራሕቲ ማልት ሸቶኦም ንክዕወት ዝዓለመ ስራሕ ክሰርሑ ፀዊዖም።

ብዓልቲቤቶም ህፃናት ትግራይ ኣብ ቀረበኦም ኮይኖም ዝምሃሩሉ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ሕልሚ ከምዝነበረንን ሕልመን ጋህዲ ንምግባር ፃዕሪ እናገበራ እናሃለዋ ሕጊ ተፈጥሮ ኮይኑ ሞት ከምዘጋጠመንን ብሸመን ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ዝገበሩዎ ፃዕሪ ሰሚሩ ህፃናት ብኣተሓሳስባ፣ ክእለትን ፍልጠትን ዝህነፁሉ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወ/ሮ ጥሩዎርቅ ኣብርሃ እንግዳሸት ንምረቓ ምብቅዑ ሓጎሰይ ወሰን የብሉን ክብሉ ገሊፆም።

ነበርቲ ከተማ ዓብይዓዲ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወ/ሮ ጥሩዎርቅ ኣብርሃ እንግዳሸት ማልት ምስ ግዱስ ፈታዊ ዓዶም ህዝቦምን ዝኾኑ ኣይተ ገብረኪሮስ ወ/ገብርኤልን ተሃኒፁ ንግልጋሎት በቒዑ ኣሎ፤ ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ዓብይዓዲ ድማ ህፃናት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ከቲቶም ከምህሩን ኣድላይ ዘበለ ክንክን ክገብሩሉን ይግባእ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።

ብህንፀት እቲ ቤት ትምህርቲ ዝተሰምዖም ሓጎስ ዝገለፁ ነበርቲ ከተማ ዓብይ ድማ እቲ ቤት ትምህርቲ ግቡእ ግልጋሎት ንክህብ ኣድላይ ዘበለ ሓለዋን ክንክንን ከምዝገብሩሉ ቃል ኣትዮም።

ኣብቲ ዕለት ተረኺቦም መልእኽቲ ዘሕለፉ ምክትል ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ኣይተ ባህታ ወ/ሚካኤል ከምዝገለፅዎ፥ትምህርቲ ሰረት ኩለመዳይ ዕብየት ኮይኑ ኩሎም ልምዓት ኣብ ምስላጥ ዝተምሃረ ሃይሊ ሰብ ዝፈርየሉ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለምና ዘለው ምዕቡላት ሃገራት ቀንዲ ምስጥር ዕብየተን ብትምህርቲ ኣቢለን ዝሃነፅኦ ዝተምሃረ ሃይል ሰብ ዝመፀ ከምዝኾነ ምክትል ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ኣይተ ባህታ ወ/ሚካኤል ገሊፆም።ኣብ ክልልና ተበፃህነትን ፍትሓውነትን ትምህርቲ ዝለዓለ ለውጢ ዘመዝገብና እንትኾን ብህዝቢ፣ብሰብ ሃፍቲ ፣ገበርቲ ሰናይ ብልምዓት ትካላት ብማህበር ልምዓት ትግራይ ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተሃነፁ 2492 ቀዳማይን ካልዓይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና እየ። ብዚ ድማ ህፃናት ትግራይ ዳርጋ ኣብ ቀረበኦም ኾይኖም ትምህርቲ ዝረኽብሉ ዕድል ተፈጢሩ ኣሎ።

ብተመሳሳሊ ተሳትፎ ተምሃሮ ደሓን ዝበሃል ውፅኢት ዋላ እንተመዝገብና ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ብቅዓት ተምሃሮና ኣተሓሳሳቢ ብርኪ በፂሑ ኣሎ። እዚ እውን በብብርኩ ዘለዉ ተምሃሮ ደረጃ ክፍሊ ካብ ምቁፃር ሓሊፎም ንደረጅኡ ዝምጥን ብቅዓት ኣብ ምሓዝ ክፍተት ኣሎ እዩ።

ትምህርቲ ንተጋሩ ናይ ምርጫ ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ልምዓት፣ ሰላምን ህልውናን'ዩ። መፃኢ ወለዶ ብትምህርቲ ብልጫ ሒዙ ተወዳዳርን ሃፍቲ ተፈጥሮ ክልልና ብዝግባእ ናብ ረብሓ ብምልዋጥ መነባብሮ ሕብረተሰብ ተመሓይሹ ትግራይ ብኢኾኖሚ፣ ብማህበራዊን ፖለቲካውን መዳይ ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ ክትብፅሕ ዘኽእል ናውቲ ዩ። ቀንዲ ናይ ዕብየት ህልውናና ቁልፊ መሳርሒ እዩ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ከምዚ ብኣይተ ገ/ኪሮስ ወ/ገብርኤል ብሸም ብዓልቲ ገዝኦም ዝተሰየመ ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወ/ሮ ጥሩወርቅ ኣብረሃ እንግዳሸት ንምርቆ ዘለና ደረጃኡ ዝሓለወ ምስ ሙሉእ ናውትን ምስ ቤተ ፈተንኡን ቅድም ስሩዑ (0 ክላስ) ብርኪ ዝሓለወ ቤት ትምህርቲ ብምህናፅ ብቁኣት ተምሃሮ ብምፍራይ ኹሉ ፈታዊ ዓዱን ሃገሩን እጃሙ ክዋፃእ መምህራንን ወለድን ድማ ዝተዋደደ ስራሕ ብምስራሕ ህዝብና ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምውፃእ ብውፍይነትን ብግዘ የለን መንፈስ ዜጋታት ኣብ ምህናፅ ልዑል ርብርብ ብምግባር ንፅባሕ ዘይበሃል ዋኒን እዩ።

እዚ ብምግባር ክልልና ናብ ዝነበረቶ ብራኸ ስልጣነ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክትምለስ ብዜጋታት ተባሂጊ ብካልኦት እውን ተሓራፊት ክንገብራ ይግበኣና ክብሉ ኣይተ ባህታ ገሊፆም። ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረኽብቲ ዝኾኑ ተምሃሮ እውን ኣብ ጎን ህዝብን መንግስትን ኾይኑ ደረጅኡ ዝሓለወ ቤት ትምህርቲ ብገንዘቦም ብጉልበቶም ብዙሕ ደኺሞም ኣብ ዝሓነፅዎ ቤት ትምህርቲ ንክመሃሩ ኽፅእሩ ከለዉ ተምሃሮና ድማ ትምህርቶም ልዑል ኣቓልቦ ንትምህርቶም ሂቦም ኣብ ዘለውዎ ብርኪ ክፍሊ ብዝግባእ እናተኸታተሉ መምህራን ኣብ ዝህብዎ ትምህርቲ ተወሳኺ ፃእሪ እናገበሩ ዝድለ ብቅዓት ኸሕዙ ይግባእ ይብሉ ኣይተ ባህታ።

ከይፀዓርካ ዝርከብ ውፅኢት ከምዘየለ ተረዲኦም ናይ ፅባሕ ወሳናይ ህይወት ዝመርሕሉ ክልሎምን ህዝቦምን ዘገልግሉ ዓቅሚ ጨቢጦም ዓርሰ እምነት ክህልዎምን በሊፆም ክርከቡን ከምዝግባእ ኣይተ ባህታ ኣተሓሳሲቦም።

መምህራን እውን ሞያኹም ሰረት ኹሉ ሞያ እዩ እሞ ብክቡር ሞያኩም እናተሓበንኹም ኣብ ኢድኹም ዘለው ህፃናት ናይ ፅባሕ መንነቶም ንስኩም ብትቀርፅዎ ርእሲ ዝቅረፁ ስለ ዝኮኑ ዘድሊ ብቅዓት ኽተትሕዙ ዜግነታዊ ግዴታን ሞያዊ ሃላፍነትን ሒዝኹም ንኽትዋፅኡ ይተሓሳሰብ።

ወለዲ እውን ደቅኹም ፅባሕ ሃገር ዝርከቡ ስለ ዝኾኑ ሎሚ ንስኻትኩም ተፀጊምኹም እውን እንተኾነ ብትምህርቶም ብሉፃት ንኽኾኑ ምስ ቤት ትምህርቲ በብእዋኑ እናተራኸብኹም ለውጦም ኽትከታተሉን ኽተበረታትእዎም ከምኡ እውን ዝረኣይ ክፍተታት ሓተቲ እናኾኑ ኽማላእ ንኽገብሩ እውን ይሓትት።

ሎሚ እንምርቆ ዘለና ቤት ትምህርቲ ብገን ዘቦም፣ ብጉልበቶምን በብእዋኑ ካብ ወፃኢ እናተመላለሱ ጊዜኦም ሰዊኦም ደረጅኡ ዝሓለወ ቤት ትምህርቲ ሓኒፆም ዘረኸቡና ብሸም እቶም ተጠቀምቲ ተምሃሮን ብብቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ይቀንየልና ክብል ይፈቱ።

ብድምር ማሕበር ልምዓት ትግራይ መንግስቲ ከበፅሖም ኣብ ዘይኽኣሉ ክፍተታት ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ፀገማት ሕብረተሰብ ትምህርት፣ ጥዕና፣ ምድሓን ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ምዕባለ ባህልን ቋንቋን፣ ምዕባይ ዓቕሚ መናእሰይ ልዑል ጠመተ ብምሃብ እናሰርሐት መፂኣ እያ። ከምኡ እውን ማሕበር ልምዓት ትግራይ ምስ ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብምትሕብባር ብኣማኢት ኣሽሓት ዝግመቱ ተምሃሮ ትግራይ ካብ ዳስ ናብ ዘበናዊ ህንፃ ተሰጋጊሮም ይርከቡ። እቲ ኣብ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ብምትሕብባር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ምስ ከምኢትዮ-ዊተን ዝበሉ ኣብ ሰናይ ተግባር ዝነጥፍ ትካላት ብሓባር ንህንፀት ኣብያተ ትምህርትን ካልኦትን ዝገበሩዎ ሰብኣዊ ሓገዝ ካልኦት ማሕበራት እውን ክስዕብኦ ይግባእ ንብል። ።



**ምረቓ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወ/ሮ ጥሩዎርቅ ኣብርሃ እንግዳሸት**

... ካብ ገፅ 8 ዝዞረ

መጋባእያ መኾኒ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኧኑ ወረዳ ራያ ዓዘቦ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲ ዓቃቢ ሕጊ ወ/ራ/ዓዘቦ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ በርሀ ጥጋቡ ሐየሎም ኣብ መንገኹም ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቒ ገበን ጉዳይ ተኸሳሲ ናብ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ብፖሊስ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ኣብ ዝትነብርሉ ኣድራሻ ክትርከቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንዕለት 20/01/2013 ሰዓት 8፡00 ቆፀሮ ስለ ዘለኩም ኣብቲ ዝተገለፀ ዕለት ሰዓትን ኣብ ቤት ፍርዲ መኾኒ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝወሃብ ምኧኑ ምድብ መጋባእያ ራያ ዓዘቦ መኾኒ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ራያ ዓዘቦ**
**ምድብ መጋባእያ መኾኒ**

ኸሳሲት ወ/ሮ ሩቅያ ኣበጋዝ ይመር ጠበቓ ኣይተ ኣበራ ግደይ፣ ተኸሳሲ 1.ፀሃዩ ካሳ በየነ ኣ/ሻ ክልል ሓደ ዞባ ደቡብ ወ/ነቅሰገ ከ/ወዲሰምሮ ኣብ መንገኹም ብዘሎ ናይ ቼክ ገንዘብ ክትዕ ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሸኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዝ ተኸሰስኩምሉ ክሲ ናብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዞባ ደቡብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ም/መጋ/ማይጨው ንዕለት 29/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቐሪብኩም ጉዳይኹም ንኽትከላኸሉ ኣብቲ ዝተብሃለ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ግን ጉዳዩ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ኣብ ልዕለኹም ውሳነ ዝወሃበሉ ምኧኑ ዞባ ደቡብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ማይጨው ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ዞባ ደቡብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ማይጨው**

## ዞባ ምብራቕ

መመልከቲት ወ/ሮ ብርሃን ገ/ስላሰ ንጉሰ ኣ/ሻ ወረዳ ፃ/እምባ ጣብያ ሓውለ፣ ተፀዋዒ ኣይተ ግርማይ ገ/ሃንስ ንጉሰ ስለ ዝጠፍኡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይወሃበኒ ክብላ ስለ ዘመልከታ ተፀዋዒ ንዝቐረበልኩም ናይ ምጥፋእ ውሳነ ክሲ ቀሪብኩም እንተዘይተኸራኺርኩም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ፈሊጥኹም ንዕለት 18/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክት ቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ከተማ ውቅሮ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣማኒኤል ሃ/ስላሴ ካሳ ኣድራሻ ከተማ ውቅሮ ጣብያ ሓየሎም ዞን 3 ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ጉዳይ ንምፅራይ ተኸሳሲ ዝተኸሰስኩምሉ ገበን ብዘየለኹምሉ ዝረአ ስለ ዝኾነ ተኸሳሲ ንዕለት 02/02/2013 ዓ/ም ሰዓት 9፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ከተማ ውቅሮ ንክትቐርቡ እንተ ዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከምዝረአ ቤት ፍርዲ ከተማ ውቅሮ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ውቅሮ**
**ምድብ መጋባእያ**

